# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.197 | ዓርቢ 18 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ልዕሊ ንቡር ርሃጽ ሰብነት - Hyperhidrosis


ገጽ 3
ቀረጽ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣይቖረኮስት


ገጽ 4
ንንብብ እምበር፡ ኣንብብ ኣይትበሉኒ!


ገጽ 5
ዝኽርን ዳየርን ዋርሳይት

ገጽ 11
ባድሚንተን ዞባ ማእከል


# ኤርትራውያን ዲያስፖራ ህዝባዊ ሰሚናራት ኣካዪዶም



ማሕበረኮማት ኤርትራውያን ነበርቲ ፍራንክፈርትን ኑርንበርግን - ጀርመን፣ ካይሮ - ግብጺ፣ ጅዳ - ስዑዲ-ዓረብ፣ ኦክላንድ - ኒውዚላንድ፣ ከምኡ'ውን ላንካስተርን ሳንደዬጎን - ኣመሪካ፣ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም።

ብመሰረት ከኣብ ቦትኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ፣ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ብ5 ሚያዝያ - ወከልቲ 26 ከተማታት ኣብ ዝተረኽብሉ፣ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት 4ይ ጉባኤኡ ኣካይዱ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ ወልዱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ውዳበታት ሰረተን ብምሕያል ብፍህሪ ናብ ዘሰጉማሉ መድረኽ ኣትየን ከምዘለዋ ብምጥቃስ፣ ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ምውህሃድ ንጥፈታተን ንዘወሰዶ ብውጥን ዝምራሕ መደባት መጒሱ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ መብራህቱ ናይ ክልተ ዓመት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፣ ኣብ ምውርጻጽ ውደባዊ ቅርጺን ምሕያል ውዳበታትን

ብ13 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ኑርንበርግ ኣብ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናር ድማ፣ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኽስተ፣ ህዝቢ ኤርትራ ሰዉቱ፣ ሓድነቱን ሰላሙን ብምዕቃብን ልኡላውነቱ ብምውሓስን ናብ ህንጻትን ልምዓትን ሃገር ኣንቂዱ ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ ኣንፈቱ ንምቕያር ዝቖደ ተጻባኢ ዘመታት ብንቕሓት ምክትታሉን ምፍሻሉን መድረኻዊ ተልእኾ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይለ ብወገኑ፣ ፕሮጀክት ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ኣፋምጥ ንምዕዋት ተራ ኩሉ ዜጋ ክዕዝዘ ኣዘኻኺሩ።

ተመሳሳሊ ሰሚናራት፣ ኣብ ከተማታት ፍራንክፈርት፣ ከለን፣ ዱዘልዶርፍን ማንሃይምን ከምእተኻየደ፣ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብኻልእ ወገኑ ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳ - ስዑዲ ዓረብ፣ ሓዱሽ ኮሚቲ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ንምምራጽ ርክብ ኣካዪዶም።

ኣብቲ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ጅዳ ኣቶ ዓብዱራሕማን ዐስማን ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፣ ንሓሙሽተ ዓመታት ዘገልገለት ኮሚቲ ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፣ ሓዳስ ኮሚቲ ተመሪጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፣ ሃማደኤ ጨንፈር ግብጺ ብ12 ሚያዝያ ኣብ ዘወደቦ ሰሚናር፣ ኣባል ፈጻሚት ቦርድን ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ወ/ሮ ሳዕድያ ኢብራሂም፣ ከምኡ'ውን ኣደ-መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ግብጺ ወሮ ካልቱም ኣደም፣ ኣብ ህልው ኩነታት ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ኣብ ግብጺ ዘተኩረ ሰሚናር ገይረን።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፣ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሰዕ ተረኺቡ ነይሩ።

ኣብ ካልእ ንጥፈት፣ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ኦክላንድ - ኒውዚላንድ፣ ብ6 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ዓለምለኻዊ ባህላዊ ፈስቲቫል፣ ንሃገርና ዘላሊ ትሕዝቶ ኣቕሪቡ።

ኣቦመንበር ማሕበረኮም ኣቶ ሃብተሚካኤል ኣብርሃም ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ እቲ ዝቐረበ ትሕዝቶ ንጥምረት ናይ'ቲ ማሕበረኮምን ምስ ሃገሩ ዘለዎ ምትእስሳርን ዘኩልሕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ፣ ኣብ ላንካስተር - ፊላደልፊያ ዞባዊ ዋዕላ ሃገራዊ ሽማግለ ብደረጃ ንኡስ ጨንፈር ከካይዱ ከለዉ፣ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ደቡባዊ ምዕራብ ድማ መበል 12 ዋዕላ ኣብ ሳንደዬጎ - ካሊፎርንያ ኣካይዱ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ኩሎም ኣባላት ብፍላይ ድማ መንእሰያት ውዳበታቶም ብምስጣም፣ ኣብ ምስግጋር ክብርታት ኣተኩሮም፣ ንዘመጻእ ብደሆታት በብመድረኹ ክገጥሙ ኣተሓሳሰቡ።

# ኣብ ሎጎ-ዓንሰባ ሓዳስ ዲጋ ትህነጽ ኣላ

ውሕስነት ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ንምርግጋጽ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ - ምምሕዳር ከባቢ ጸላል ዲጋ ትህነጽ ኣላ።

እዛ ብ12 ሚያዝያ እምኑ-መሰረት ዝተኣብረላ ዲጋ፣ ምስ ተዛዘመት 10 ሜትሮ ጎኒን 12 ሜትሮ ቁመትን ከምዝህልዋን ኣስታት 73 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ክትሕዝ ከምእትኽእልን፣ ሓላፊት ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ወ/ሮ ኤልሳ ርእሶምን ክኢላ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣቶ ቴድሮስ ምሕረትኣብን ገሊጾም።

ብሰንኪ ሰእነት ምንጪ ማይ፣ ነበርትን ጥሪቶምን ርሑቕ ተጓዒዞም ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክሰትዩ ምጽንሖም ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ባህልቢ ግርማይ፣ ነበርቲ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ብዘወሰድዎ ተበግሶን መንግስቲ ብዘገበረሎም ደገፍን ኑቲ ጸገም እተቃልል ዲጋ ትስራሕ ከምዘላ ገሊጹ።

ነበርቲ ብወገኖም፣ ገዛእምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ዘበርክቱ ሽግር ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ብልዑል ወኒ ተበጊሶም ምህላዎም ብምጥቃስ፣ ተጀሚሩ ዘሎ ማስርሕ ህንጻት ኣብ መፈጸምታኡ ንምብጻሕ፣ ደገፍ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ከይፍለዮም ተማሕጺኖም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ድማ፣ ህዝቢ በብከባቢኡ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት፣ ውጽኢታዊ ውዳበን ንቕሓትን ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ኣብ ማስርሕ ህንጻት ዲጋታት ዘጋጥም ሕጽረት ቀረብ ንዋት ንምምላእ፣ ምምሕዳር ኣበርክቶ ከምዘበርክት ኣረጋጊጹ።

# ተሰነይ - ብቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተወደበ ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ ካብ ንኡሳን ዞባታት ተሰነይን ጎልጅን ንዝተዋጽኡ 20 ኣባላት፣ ካብ 14 ክሳብ 16 ሚያዝያ ስልጠና ሂቡ።

እቲ ስልጠና፣ ኣብ ወሃሉስ ኣጠቓቕማን ዕቃበን ማይን ሓመድን፣ ምሕደራን ክንክንን ጥሪት፣ ምክልኻል ሕማማት ብቑልን እንስሳን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልምዓት ብቑልን ድሕነት መግብን ዘተኩረ'ዩ።


ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፣ ኣፍልጦኦም ብምዕባይ፣ ኣብ ኣከባቢ ከውርድ ዝኽእል ሓደጋታት ንምውጋድ ከምዝኾኑ እዩም ኑቲ ስልጠና ዝወሰዱ ኣባላት ሕርሻ ኣረዲኦም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ልዕሊ ንቡር ርሃጽ ሰብነት - Hyperhidrosis



ርሃጽ ኣብ ሰብነትና ዝለዓለ ዓቐን ሙቐት ሰብነት ንምቁጽጻር ካብ ዝዓርድ ንጥፈት ሓደ እዩ። ኣብ ኣካላትና ዝፍጠር ምቅይያር ሙቐት ሰብነት፡ ልዑል ሙቐት ኣከባቢ፡ ኣብ ሰብነትና ዝፍጠር ሃንደበታዊ ስምዒት ወዘተ ገለ ካብቶም ክንርሃጽ ዝገብሩ ጠንቅታት እዮም።

ልዕሊ ዓቐን ምርሃጽ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ሃይፐርሂድሮሰስ' (hyperhidrosis) እዩ ዝበሃል። ኣብ ከምዚ ኩነት ሰብነትና ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ክርህጽ ይርኢ። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ ዋላ ኣብ ግዜ ዛሕሊ፡ ሰብነትና ይርህጽ እዩ።

### ዓይነታት ሃይፐርሂድሮሰስ

'ሃይፐርሂድሮሰስ' ክልተ ዓይነት እዩ።

- ፋልማዊ 'ሃይፐሪድሮሰስ'፦ እዚ እቲ ንቡር ዓይነት ኮይኑ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኢደና፡ እግርና፡ ገጽና፡ ኣብ ቆርበት ቅርቅርቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቶሸቶሽ እዩ ዝርኤ።

- ካልኣዊ 'ሃይፐሪድሮሰስ'፦ እዚ ብሰንኪ ሕክምናዊ ኩነታት ዝርአ ዓይነት ምርሃጽ እዩ። እቲ ርሃጽ ኣብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነት እዩ ዝርኤ።

### ርሃጽ ብኸመይ ይስራሕ?

ኣብ ሰብነትና ብጠቕላላ ኣስታት ሰለስተ ሚልዮን ጽኑታት ርሃጽ ይርከቡ። ኣብ ክልተ ዓይነት ጽኑታት ርሃጽ ድማ ይምደቡ - 'ኤክሪን' (eccrine) ከምኡ'ውን 'ኣፖክሪን' (apocrine)።

**ጽኑታት 'ኤክሪን'፦** ኣብ መላእ ሰብነትና እዮም ተዘርጊሖም ዘለው። እዞም ጽኑታት'ዚኦም ዘውጽእዎ ርሃጽ ውሑድ ብምዃኑ ብዙሕ ግዜ ኣይንስተብሀሎን ኢና።

**ጽኑታት 'ኣፖክሪን'፦** እዞም ጽኑታዚኦም ኣብ ገርገሕቲ፡ ጸጉሪ ኣብ ዝበቖለሉ ክፍሊ ሰብነት ዝያዳ ይርከቡ - ኣብ መቐመጫ፡ ኣብ ቶሸቶሽ ወዘተ። ብጠዚሑ ርሃጽ ናይ ምፍጣር ጠባይ ድማ ኣለዎም። ዝጠዘለ ርሃጽ ሰብነትና በዞም ጽኑታት'ዚኦም እዩ ዝፍጠር።

### ክንርህጽ ጠንቂ ዝኾነ እንታይ እዩ?

እቲ ንቡር፡ ኣካላትና ክህልዎ ዘለዎ ዓቐን ሙቐት ኣስታት 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (98.6 ዲግሪ ፋራናይት) እዩ። እዚ ኣሃዝ'ዚ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብውሑድ መጠን ክፈላለ ይኽእል ይኸውን። ኣካላትና ልዕሊ ዓቐን ሙቐት ምስ ዝህልዎ፡ ሓንጎልና፡ ሰብነትና ክዘሕል ከም ዘለዎ መልእኽቲ ይሰድድ። እቲ መልእኽቲ ሙቐት ኣካላትና ካብ ዝቆጻጸር 'ሃይፖታላሙስ' (hypothalamus) ተባሂሉ ካብ ዝጸዋዕ ክፍሊ ሓንጎልና እዩ ዝምንጮ። ንኽንዝሕል ሰብነትና ርሃጽ ከውጽእ ይጅምር። ስለዚ፡ ርሃጽ ሓደ ካብቲ ጥቕሙ ሙቐት ሰብነትና ዝተመዓራረየ ክኸውን ምግባር እዩ።

ርሃጽ ኣብ ቆርበትና ካብ ዝርከቡ ጽኑታት እዩ ዝመጽእ። ኣብ ግንባርና፡ ትሸቶሽና፡ ኣብ መቐመጫና፡ ግንቦ ኢደና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ታሕተዋይ ክፍሊ እግርና ዝጠዘሉ ጽኑታት ርሃጽ ኣለው። እዞም ጽኑታት'ዚኦም ርሃጽ ይሰዱ'ሞ፡ እቲ ርሃጽ ክሃፍፍ እንከሎ፡ ናብ ሰብነትና ዝሓኹል ኣየር ብምእታው ክንዝሕል ንጅምር።

ጠንቂ ፋልማዊ 'ሃይፐሪድሮሰስ'፦ 'ኤክሪን' ዝተባህለ ጽኪ ልዕሊ ንቡር ምስ ዝሶጥፍ እዩ ዚጋጥም።

ጠንቂ ካልኣዊ 'ሃይፐሪድሮሰስ'፦ ጎናዊ ሳዕቤን ወይ ምልክት ናይ ገለ ሕዱር ሕማምን ፍወሳን እዩ። እዚ ዓይነት ዘይንቡር ርሃጽ ክጸልወ ዝኽእሉ ዓይነት ሕማማምት ንምጥቃስ፡

- ሕማም ሽኮር፡
- ሕማም ልዕሊ ንቡር ጸኪ ገላገልቲ፡
- ሕማም ፓርኪንሶን፡
- መንሽሮ፡
- ብትኽተ ጸግያት፡
- ከም ቲቢ ከምኡ'ውን 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት፡
- ሕማም ልቢ፡
- ወቐዒ ወዘተ።

### ካልእ ክንርህጽ ዝገብሩ ጠንቅታት

ርሃጽ ኣብ ዕለታዊ ናብራና ብተደጋጋሚ ኪጋጥመና ዝኽእል ንቡር ተርእዮ እዩ። ዓቐን ናይቲ ርሃጽ ከጠዝሕን ክደጋገምን ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ጠንቅታት ግና ኣለው።

- **ልዑል ሙቐት፦** ምውሳኽ ሙቐት ሰብነትና ወይ ናይቲ ንነብረሉ ከባቢ፡ ሓደ ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ምርሃጽ እዩ።

- ስምዒትን ወጥርን፦ ሕርቃን፡ ፍርሒ፡ ብሰባት ምውራድ፡ ጭንቀት፡ ወጥሪ ወዘተ ዝኣመሰሉ ስምዒታት ልዕሊ ዓቐን ክንርህጽ ይገብሩና እዮም።

- መግቢ፦ ርሃጽ ሓደ ሓደ እዋን ግብረ መልሲ ናይቲ ንወስዶ መግቢ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ። እዚ ዓይነት ርሃጽ'ዚ 'ናይ ምስትምቓር ርሃጽ' (gustatory sweating) ተባሂሉ'ውን ይግለጽ እዩ።

- እቲ መግቢ ቀመም ወይ በርበረ ዝጠዘሎ ምስ ዝኸውን፡

- ካፈን ዝጠዘሎ ከም ቡን፡ ልስሉስ መስተ ምስ እንወስድ፡

- ኣልኮላዊ መስተ ምስ እንጠዝሕ ክንርህጽ ግድን እዩ።

ምልክታት ልዕሊ ዓቐን ምርሃጽ - 'ሃይፐሪድሮሰስ'

- ጨና ሰብነት፡
- ረኺሰ ቆርበት፡
- ምቅርራፍ ቆርበት ገለ ካብቶም ምልክታት 'ሃይፐርሂድሮሰስ' እዮም።



### ርሃጽ እንታይ እዩ?

ርሃጽ ዝጠዘለ ትሕዝቶኡ ማይ እዩ - ዳርጋ 99 ሚእታዊት። እቲ ዝተረፈ ወሓደቱ ግና ነዞም ሰዒቦም ዝዝርዝሩ ነገራት ዝሓቐፈ እዩ።

- ከም ሶድዮም፡ ፖታሽዮም፡ ካልሽዮምን ማግኒዝዮምን ዝኣመሰሉ ናይ 'ኤሌክትሮላይትስ' (Electrolytes) ኬሚካላዊ ወሃደት ዘለዎም ማዕድናት ይርከቡ። 'ኤሌክትሮላይትስ' ኣካላትና ዝፈጥርዎ ናይ ግብረ-መልሲ ስምዒታት መልእኽቲ ንምስዓድ ይሕግዙ። ስለዚ፡ ብዙሕ ኣብ እንርህጸሉ እዋን ነዞም ማዕድናት ቀልጢፍና ክንትክኦም የድሊ።

- ውሑድ ዓቐን 'ፈረሞን' (pheromones)። 'ፈረሞን' ሓደ ዝድሩ እንስሳ ንኻልእ ብጾቱ ንምስሓብ ዜንዝዎ ኬሚካላዊ ምልክት እዩ።

- ርሃጽ ባክተርያ ዝሓዘ'ውን እዩ። እዚ ባክተርያ'ዚ እዩ ድማ ኣብ እንርህጸሉ እዋን ሰብነትና ሕማቕ ጨና ክህልዎ ዝገብር።

- ርሃጽ ውሑድ ዓቐን ይኹን እምበር ናይ መርዚ ትሕዝቶ ኣለዎ።

### ርሃጽ ከም መግለጺ ኩነታት ጥዕና

ብዛዕባ ርሃጽ ክንሓስብ እንከለና፡ ወዑይን መጠግጠግ ዝብልን ኮይኑ'ዩ ዝስመዓና። ካብዚ ሓሊፉ ግን ርሃጽ ኣብ ጥዕናና ብዙሕ ረብሓታት እዩ ዘለዎ።

ብመንጽር ጥዕና ክንርኦ እንከለና ርሃጽ ጸቡቕ እዩ። እቲ ዝዓበየ ጥቕሙ ሙቐት ኣካላትና ንምቁጽጻር ይጠቕመና። ክንርህጽ እንከለና ብጠዚሑ ካብ ኣካላትና ማይ ነህልኽ ኢና። ኣካላትና ዝጠዘለ ክፋሉ ብማይ ዝተሃንጸ እዩ። ስለዚ ብዙሕ ኣብ እንርህጸሉ እዋን ማይ ሰቲና ክንትክኦ ከም ዘለና ክንዝክሮ የብልናን።

ንቕጸተ-ሰብነት (dehydration) ብዙሕ ኣብ እንሃልከሉ እዋን ወይ ንልዑል ሙቐት ንነዊሕ ሰዓት ምስ እንቃላዕ ኪጋጥመና ይኽእል። ንቕጸተ-ሰብነት፡ ኑቲ ብመልክዕ ርሃጽ ዝወጽእ ፈሳሲ ሰብኑቶም፡ ማይ ብምስታይ ክትትክኡ ኣብ ዘይረኣዩ ሰባት የጋጥም።

ብዙሕ ምስ ርሃጽና ማይ ሰቲና ክንትክኦ ምስ ዘይንኽእል ብወቓዒ ሙቐት ክንጥቃዕ ዘለና ተኽእሎ'ውን ዝዓበየ እዩ ዝገብሮ።

### ርሃጽ ኣብ ግዜ ምውሳዋስ ኣካላት

ርሃጽ ብዙሕ ግዜ ምስ ሃልኪ እዩ ዝመጽእ። ሓደ ካብኡ ምውሳዋስ ኣካላት እዩ። ምውሳዋስ ኣካላት ብዙሕ ጥዕናዊ ረብሓ እዩ ዘለዎ፦

- ሓይሊ ሰብነትና የዕቢ፡
- ጥዕና ዘለዎ ክብደት ሰብነት ክነውንን የኽእለና፡
- ሕማም ይከላኸለልና፡
- ኩነት ኣእምሮና የሐይሎ፡
- ጸቡቕ ክንድቅስ የኽእለና።

ካብ ምውሳዋስ ኣካላት እዚ ጥዕናዊ ረብሓ ክንረክብ እንተኾይና ናይ ግድን ክንርህጽ ኣለና።

ርሃጽ ኣብ ምእላይ መርዚ ካብ ሰብነትና ኣብ 'ሳውና' (sauna) ምስ ኣተና ዝፍጠር ርሃጽ ኣብ ሰብነትና ዝርከቡ ሓደገኛ መርዝም ቀመማት ኣብ ምእላይ ልዑል ጥቕሚ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት የመልክቱ እዮም። ኣብ ሰብነትና ዝፍጠር መርዚ ኣብ ምጽራይ ሓላፍነት ዝስከማ ኣካላት ኩሊትን ጸላም ኩብድን እየን። እዘን ኣካላት'ዚአን ነቲ መርዚ ኣጻርየን ብምእላይ ብመልክዕ ሽንቲ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብራ። ርሃጽ'ውን ገለ ክፋል መርዚ ሰብነትና ኣብ ምውጻእ ሓጋዚ እዩ።

ብርሃጽ ንዝሃልኽ ፈሳሲ ሰብነትና ንምትካእ.....

- ማይ ብጠዚሑ ክንሰቲ ይግባእ።
- ካፈን ወይ ኣልኮል ዘለዎም ዓይነት መስተ ክንሰቲ ኣይግባእን።
- ልዕሊ ዓቐን ኣብ እንርህጸሉ እዋን፡ መልእኽቲ መትንታት ንዘመሓላልፍ 'ኤሌክትሮላይትስ' ሰብነትና ክጎድል ይርኣ እዩ። ንዕኡ ንምትካእ ብፖታሽዮምን ካልኦት ማዕድናትን ዝሃብተሙ ከም ጸባን ውጽኢቱን፡ ባናና፡ ማንጎስ፡ ምቁር ድንሽ ወዘተ ዝኣመሰሉ መግብታት ምምጋብ የድሊ።

### ርሃጽ ጨና ኣለዎ ዶ?

ብርግጽ ርሃጽ ዝኾነ ጨና የብሉን። ርሃጽ ጨና ዝፈጥር ምስኡ ብዝሕወሱ ካልእ ኬሚካላዊ ወሃደት እዩ። እቲ ርሃጽ ባክተርያ ከራብሕ ምስ ዝጅምርን ኣብ ኣካላትና ዝርከቡ ሆርሞናት ዝተፍእዎ ጋዝ ምስ ዝሕወሶን ግድን ይጨኑ።

ብረሃጽ ዝፍጠር ጨና ሰብነት ንምእላይ፡ ኣብ ጽሬት ሰብነትካ ጥቡቕ ምኽትታል ክትገብር ይግባእ።

ምንጪ፦ WebMD



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም · ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ · ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቁጠባን ዜና

ሸዊት ተኽለ

## ቀረጽ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣይቮሪኮስት

ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ብጠቕላላ ክልተ ሰሶ ናይ'ቲ ኣብ ፍርያት ቸኮሌት ዝውዕል ምህርቲ ካካዎ ዓለምና ዘቕርብ ኮይኑ፡ ኣይቮሪኮስት ከኣ ኣብ ዓመት ክሳብ 2 ሚልዮን ቶን ምህርቲ ካካዎ ብምፍራይ ኣበ'ቲ ዞባ ትመርሕ። ጋና፡ ናይጀርያ፡ ካሜሩንን ቶጎን ከኣ ንኣይቮሪኮስት ተኸቲለን ዝለዓለ መጠን ካካዎ ዘፍርያ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ምዃነን ይግለጽ።

ኣይቮሪኮስት፡ ኣብ 1978 ንጋና በሊጻ ኣብ ዓለም ቀዳመይቲ ኣፍራዪት ካካዎ ክትከውን ከም ዝበቕዐት እያ ጸብጻባት ዝሕብሩ። ሎሚ ድማ ዝበዝሐ ቀጠባዊ እቶታ ካብ'ቲ ምህርቲ ምዃኑ፡ እዚ ከኣ 40 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ እቶት ሃገራዊ ሰደድ ከም ዝሽፍን፡ ዝተፈላለዩ ቀጠባዊ መረዳእታታት እታ ሃገር የብርሁ።

እታ እኽኮ ኣፍሪቃዊት ዘይኮት - ብፍርያት ካካዎ ምስ ኣይቮሪኮስት ትወዳደር ሃገር ኢንዶነዥያ ኮይና፡ ኣብ 1970ታት እቲ ዳርጋ ዘይነበረ ናይ ወሸጢ ሃገር ኢንዱስትሪ ካካዎ፡ ኣብ መጀመርታ 2000 ሓንቲ ካብ'ተን ዝዓበያ ኣፍራዪት ካካዎ ክትከውን ኣብቂዖዋ እዩ።

ኢንዶነዥያ ኣብ 2006 ንጋና ተኪኣ ኣብ ዓለም ካልኣይቲ ዝዓበየት ኣፍራዪት ካካዎ ኮይና ምንባራ፡ ጸብጻብ ውድብ ሕርሻን መግቢን ዓለም ይሕብር።

ይኹን'ምበር፡ ከም ካደብራ፡ ሂርሺን ኔስልን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ኣፍረይቲ ትካላት ቸኮሌት፡ ናይ ኣይቮሪኮስት ካካዎ ከም ዝጥቀማ ይሕብር።

ዛጊት ኣብ መፍረን ሰደድን ካካዎ ቀዳመይቲ ኮይና ትመርሕ ዘላ ሃገር - ኣይቮሪኮስት ኮይና፡ ክሳብ 2024 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ካብ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ዝለኣኽ ካካዎ 45 ሚእታዊት እጃም ልኢኻ።

ይኹን'ምበር፡ ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ቀጠባዊ ረብሓታት ወጻኢ፡ ምህርቲ ካካዎ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ካልእ ጎድናዊ ብድሆታት ከም ዘለዎ እዩ ዝንገር።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብፍላይ ድማ ኣብ ጋናን ኣይቮሪኮስትን፡ ኣስታት ክልተ ሚልዮን ህጻናት ኣብ ሕርሻ ካካዎ ስለ ዝጠፍኡ፡ ግዱድ ሸቕለትን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ህጻናትን ኣብ 2018 ዓበይቲ ስክፍታታት ኮይኖም ምንባሮም ይሕብር።

እተን ካካዎ ዘፍርያ ምዕራብ ኣፍሪቃውያን ሃገራት፡ ነቲ ብናይ ምዕራባውያን ትካላት ቸኮሌት ዝዕደግ ካካዎ ንምፍራይ፡ ናይ ህጻናት ጉልበት ይጥቀማ ብምህላወን ከቢድ ነቐፌታታት እዩ ዘስዕበለን ዘሎ።

ተራ ኣመልኪቱ ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ፡ "ዝኾነ መንግስቲ ወይ'ውን ኩባንያ፡ ክሳብ 2020 ንጉልበት ህጻናት ብ70 ሚእታዊት ንምንካይ ዘቐመጦ ሸቶ ከተግብሮ ኣይከኣለን" ኢሉ።

እቲ ጉልበታዊ ምዝመዛ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣይቮሪኮስት'ውን ከም ዝርአ ዝፍለጥ እዩ። ደቂ-ኣንስትዮ እታ ሃገር ኣስታት 70 ሚእታዊት ናይ'ቲ ኣብ

1960 ክሳብ 2010 ኣብ ዝነበረ እዋን ከም ዝነበሩ፡ ጸብጻባት ሕብረት ኤውሮጳን ሚኒስትሪ ምግራብ ኣይቮሪኮስትን የጽንዑ።

ካካዎ ኣብ ኣይቮሪኮስት ሓደ ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ምብራስ ኣግራብ ምዃኑ ይእመን። መብዛሕትኡ ካብ ኣይቮሪኮስት ዝለኣኽ ካካዎ ድማ ኣብ ዝተሓዝአ ዕቑር ኣግራብን ሃገራዊ ፓርክታትን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ይለምዑ።



ኩነታት መስል ህጻናት ንምምሕያሽ ዝገበር ዝነበረ ኣህጉራዊ ፈተነታት ድማ፡ ብሰንኪ ቀጻሊ ድኽነት፡ ዘይምዕሩይ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ምውሳኽ ጠለብ ካካዎ ዘስዓቦ ጸዕቂ ሕርሻ እቲ ምህርቲን ይፈሸል ነይሩ።

ኣብ ኩነታት ፍርያት ካካዎ ንጹርን ሓፈሻዊን ትንታነ ንምፍጣር ዓሊሙ ዝወጸአ 'ካካዎ ባሮሜተር' ዝተባህለ ሕትመት፡ ኣብ ሚያዝያ 2018፡ እቲ 100 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ዓለማዊ ኢንዱስትሪ ካካዎ ኣብ ኩነታት ግዱድ ሸቕለት ህጻናት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝለዎ

ሕርሻታት ካካዎ ዝዕየድ ስርሓት ዝሸፍና'ኳ እንተ ኾና፡ 20 ሚእታዊት ካብ'ቲ ኣታዊታት ጥራይ እየን ግን ዝረኽባ።

ብዘወሳኺ፡ ኣብ ኣይቮሪኮስት ኣብ ዝርከቡ ናይ ካካዎ ግራውቲ ዝዕየድ ንጥፈታት - ዝበዝሐ ካብ ቡርኪናፋሶን ማሊን ብዝመጹኡ ሓረስቶት ዝሰላሰል ብምዃኑ፡ ኢንዱስትሪ ፍርያት ካካዎ ንስደት እውን ዝቃልዕ ምዃኑ ይግለጽ።

እቲ ኢንዱስትሪ ኣብ ኣከባቢ ዘለዎ ጽልዋ ክርአ እንከሎ ድማ፡ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ኣግራብ ኣይቮሪኮስት፡ ካብ

ኣይቮሪኮስት፡ ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዓቢ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ዘለዋ ሃገር ብምኳና ብዓለም-ለኻዊ ደረጃ ትፍለጥ እኳ እንተ ነበረት፡ ዘይሕጋዊ ምፍራይ ካካዎ ግን ንቐጻልነት እንስሳ ዘገዳም'ታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ኣእትዩዎም ምህላዉ'ዩ ዝሕብር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓረስቶት ካካዎ ኣይቮሪኮስት፡ ብሰንኪ ትሑት ዋጋ ካካዎ፡ ዘይምርግጋእ ዕዳጋ፡ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ለውጢ ክሊማ ርኡይ ፋይናንሳዊ ጸገማት ኪጋጥሞም ጸኒሑ እዩ። እዚ ብድሆታት'ዚ ከኣ፡ እቶም ሓረስቶት ኣብ ሕርሻታቶም ወፍሪ ከይገብሩን መትከበርኦም ከየመሓይሹን ጸቒጢ ብምፍጣሩ፡ ምህርቲ ካካዎ ከም ዝንደለን ኣብ'ቲ ኢንዱስትሪ ድማ ቅልውላው ኣኸቲሉ ከምዝርከብን ይሕብር።

እንተ ኾነ፡ ሓረስቶት ኣይቮሪኮስት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ልዕሊ ካብ ኣይቮሪኮስት ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ሕርሻዊ ፍርያት ናይ 21 ሚእታዊት ቀረጽ ክገበር ብምውሳኑ፡ እቲ ጉዳይ ዝያዳ ኣሰኪፉዎም ከም ዘሎ ይግለጽ።

ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣይቮሪኮስት ወሲኑዎ ዘሎ ቀረጽ፡ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ካብ ዝተወሰነ ቀረጽ እቲ ዝለዓለ እዩ።

ዋላ'ኳ ትራምፕ ነቲ ወሲኑዎ ዘሎ ቀረጽ ዳግመ-ግምት ንኽገብረሉ ኢሉ ንዝመጽእ 90 መዓልታት ተግባራዊ ከይኮነ ክጸንሕ ኣዚዙ እንተ ሃለወ፡ ሰበ-ስልጣን ኣይቮሪኮስት ግን፡ ከም'ዚ ዓይነት ቀረጽ ዋጋ ካካዎ ዝያዳ ክኸይርን ኣብ ዕዳጋታት ወሽጢ ዓዲ ድማ ዘይምርግጋእ ክፈጥርን ከምዝኽእል ኣጠንቂቖም ኣለው።

እቲ ናይ ኣመሪካ ቀረጽ ኣብ ግብሪ እንተ ውዒሉ፡ ዋጋ ካካዎ ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮ ክውሰኽ ናይ ምግባር መደብ ሐዚዎም ከም ዘለዉ እውን፡ እቶም ሰበ-ስልጣን ወሲኾም ይገልጹ።

ኣይቮሪኮስት፡ ካብ'ቲ ዓመታዊ እተፍርዮ ካብ 2 ሚልዮን ክሳብ 2.5 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ዝበጽሕ ፍርያት ካካዎ፡ ካብ 200 ሽሕ ክሳብ 300 ሽሕ ቶን ዝግመት ናብ ኣመሪካ ከም ዝለኣኽ፡ ቤት-ጽሕፈት ቡንን ካካዎን እታ ሃገር ይሕብር።

ኣብ 2023፡ ኣይቮሪኮስት 3.68 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ፍረታት ካካዎ ናብ ሰደድ ከም ዝለኣኸት፡ እዚ ድማ ድሕሪ ወርቂ ካልኣይ ዝዓበየ ሰደድ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኣመሪካ ከኣ ንሆላንድ፡ ማሌዥያን ቤልጅዩምን ተኸቲላ ራብዐይቲ ዝዓበየት ሸማቲት ካካዎ ከምዝነበረት ይሕብር።

## ሳዕቤናት ቀረጽ ኣመሪካ ኣብ ፍርያት ካካዎ


ካካዎ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ምንጪ እቶት ኣይቮርያውያን ምዃኑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣሉታዊ ኩነታት ኣየርን ሕማማትን ተኸሲቱ ግን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣትሒዙ ንምህርቲ እቲ ፍረ ከምዝዝሰዩ ይሕብር። በዚ ድማ ቀጠባዊ እቶት እቲ ፍርያት ብዝተዛማዲ ክጎድል ጸኒሑ እዩ።

እዚ ትራምፕ ኣውጺእዎ ዘሎ ናይ ቀረጽ ውጥናት ድማ ነቲ ተፈጢሩ ዝጸንሐ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝያዳ ኩብእሶ ከም ዝኽእል ይእመት።

ዝኾነ ናይ ኣመሪካ ቀረጽ ድማ ነቲ ድሮ ምስ ምንካይ ምህርቲ ምጉዳል ኣበ'ቲ ኢንዱስትሪ ዝገበር ምወላ መንግስቲ ኣይቮሪኮስትን ዝቃለስ ዘሎ ዕዳጋ ዝያዳ ከናውጾ ይኽእል እዩ። እዚ ከኣ ንሓረስቶት ዓለማዊ ጠለባት ቸኮሌት ናይ ምምላእ ዓቕሞም ክደርቶ ከም ዝኽእል ይግለጽ።

ብፍላይ ወገኑ ቀረጽ ኣመሪካ፡ ፍርያት ካካዎ ኣይቮሪኮስት ናብ ዕዳጋታት ኤውሮጳ ክውሕዝ ዝሕግዝ ምዃኑ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዘረድኡ።

ብመንጽር እቲ ቀረጽ፡ ኣይቮሪኮስት ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ዘለዋ ርክብ ንምሕያል ክትሰርሕ ከገድዳ ምዃኑን፡ ፍርያታ ካብ ዕዳጋ ኣመሪካ እንተ ተገለሉ ድማ



ሕብረት ኤውሮጳ ነቲ ቀረብ ምሉእ ብምሉእ ክውንዖ ከም ዝኽእል ይሕብር።

ገለ ካብ'ተን ሳዕለዎት ኣህጉራውያን ፍርያት ካካዎ ኣይቮሪኮስት ዝገዝኣ ሃገራት፡ ኤውሮጳውያን ሃገራት ምዃነን እዩ መረዳእታ ዕዳጋታት ዓለም ዘርእዩ።

ኤውሮጳውያን ሃገራት ብዙሐ ፍርያት ካካዎ ምስ ዝረኽባ ኣብ መፍረ ቸኮሌት ንዘለዋ ትካላተን ዓቢ መስተርሀት ክፈጥረለን ምዃኑ ይእመን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣይቮሪኮስት፡ ነቲ ብኣህጉራዊ ዕዳጋታት ዝተወሰነ ዓለማዊ ዋጋ ካካዎ ብቐጥታ ክትጸልዎ ዘይትኽእል እኳ እንተ ኾነት፡ መንግስቲ ግን ግብሪ ሰደድ ክውስኽ ክመርጽ ይኽእል እዩ።

ከም'ዚ ዓይነት ስጉምቲ እታ ሃገር ኣታዊኣ ከተዕቢ ዘኽእል ኮይኑ፡ ዋጋ ካካዎ ግና ብተዓጻጻፊ ከም ዝውሰኽ ክገብሮ ይኽእል እዩ።

### ኲሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ ሂወት |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይ ቀጥታ |
| 15:30 | ሞዛይክ 01 |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:18 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 02 |
| 19:25 | እትመትሰት-ነዎ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ድሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘራብል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዳህሳስ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳዘማም |

ሪፖርታጅ

# ነንብብ እምበር፡ ኣንብብ ኣይትበሉኒ!

ዳህላክ ነጋሲ

ንባብ ንኣእምሮ ደቂሱብ ብፍልጠት ዘዕብዮ፡ ንኽመራመሩን ክፈላሰፉን ዝድርኽ ልምዲ እዩ። ንባብ ናይ ምርዳእን ምስትውዓልን ክእለትካ ብምብራኹ፡ ብስእሉ-ኣእምሮ ምስ ካልእ ዓለም የራኽበ፡ ኮታስ ምንባብ ኣዝዩ ብዙሕ ጥቕምታት


መምህር ያቆብ መርሃዊ



ይሓቀፍ። ኣብዚ እዋን ብዙሓት ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ዘንበቡ፡ ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ካልእ ንጥፈት ክጽመዱ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ንኣብነት፡ ቴለቪዥን ኣብ ምዕዛብ፡ ቪድዮ-ጌይም ኣብ ምጽዋትን ኣብ ካልእ ናይ መዘናግዒ ንጥፈታትን ሓያሎ ሰዓታት የጥፍኡ። በዚ ኸኣ እቲ ብምርምርን መጽናዕትን ክብልሕ ዝግበኦ ኣእምሮ ተመሃሮ፡ ኣብ ዘይጠቅም ተግባር ጸዓቱ ደጽንቅቕ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ልምዲ ንባብ ንኽጥርዩ ብዘይካ'ቲ ባዕሎም ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ ወለድን መምህራንን'ውን ደፋኢትን ደርኸትን ኣብ ምፍጣር ክዕዩ ከለዉ ዘለዎም ግደ ዓቢ'ዩ።

ኣብ መጀመርታ ቤት-ትምህርቲ ፍረ ህይወት፡ ተመሃሮ ገና ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ልምዲ ንባብ ንኽጥርዩ ሓያሎ ጻዕርታት ይገብር ኣሎ። ከም ኣካል ናይ'ዚ፡ ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣስታት 130 ተመሃሮ ንሓንቲ መጽሓፍ ንኸንብቡ መደብ ወጺኡ። ብመሰረት ዝወጸ ውጥን፡ ብዕለት 13 ሚያዝያ ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን መምህራንን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ተመሃሮ ሓደ ድሕሪ ሓደ እናተቐባበሉ፡ ንመጽሓፍ ጊታኖ ኣብ ውሽጢ 3 ሰዓትን ርብዕን ኣንቢቦም ዛዚሞማ።

ርእሰመምህር ቤት ትምህርቲ ፍረ ህይወት መምህር ዳዊት ኪዳነ ነቲ መዓልቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብቲ "ዘንብብ ይዕንብብ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተዳለወ መደብ መዓልቲ ንባብ፡ ኣስታት 130 ተመሃሮ ከም ዝተሳተፉ ብምጥቃስ፡ ብዙመራማሪ ታሪኽ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ዝተደርሰት - 146 ገጻት እትሓቁፍ መጽሓፍ ጊታኖ ብተመሃሮ ንኽትንበብ ከም ዝተመርጸት'ውን ወሲኹ ይሕብር። ከም ዝፍለጥ፡ ብዙሓት መጽሓፍቲ ንሕትመት ይበቕዑ ኣለዉ። እንተኾነ፡ ድሕሪ ሕትመት ኣብ ከበሓ ኣብያተ-መሸጣ ይኹን ኣብያተ-ንባብ ንኽድርደሩ ዘይከኣሉ፡ ኣንባቢ ንኽረኽቡ ክሰርሓሉ ከም ዝግባእ ይገልጽ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ወርሒ 10 ጀሚሩ ተመሃሮ ናይ ምንባብ ክእሉቶም ንምፍታሽ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከም ዝተኻየደ፡ ተመሃሮ ናይ ምንባብ ሸውሃት ንኽሕብሩን ንኸንብቡን እውን ዓቕሊ ዝሓትት ከቢድ ዕማም ምንባሩ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ካብ ዝረኣዩ ብደሃታት፡ ድኽመት ተመሃሮ ኣብ ቋንቋ ኣደ ብቕዓምንት ዝጥቀስ ኩይኑ፡ ዋላ እቶም ብዝተፈላለየ ማዕርግ ተመረቕም ኣብ ሃገራዊ ዕማማት ተዋፊሮም ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ጥራይ ብቛንቋ ኣደ ከም ዝተማህሩ ይሕብር። ብተወሳኺ፡ ኣብዚ እዋን ተዘርጊሑ ኣብ ዘሎ ስርዓት-ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ቋንቋ ኣደ ይመሃሩ'ኳ እንተሃለዉ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝምህሩ መምህራን ግን ዕድመ ዝደፍኡ ምዃኖም የብርሁ። ንሱ ወሲኹ፡ "እዚ ብቤት-ትምህርቲ ፍረ ሂወት ዝተበገሰ መደብ፡ ድኽመታትና ኣለሊና መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ከተተኩር ዝሕግዝ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ዚ መደብ ዕውት ንምግባር ከይተሓለሉ ዝሰርሑ ኣካላት ከመስግን እፈቱ። ተመሃሮ ንቛንቋ ኣደ ብግቡእ እንተ ዘይፈለጥዎ፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰቦም ክፈልጡ ኣይክእሉን። ኣብቲ ዓይነት ትምህርቲ ፍልጠቶም ይኹን ክእሉቶም ብምዕባይ፡ ብዘይካ'ቲ ዝወሃብ ሰሩዕ ትምህርቲ ማዕረ-ማዕሩ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ከንብቡ ይግባእ።

ኣብ ሕብረተሰብና ልምዲ ምንባብ ከምቲ ዝድለ ደሲኑ የለን። ውልቀሰባት፡ ስድራ-ቤታት፡ መምህራን ብሓፈሻ መላእ ሕብረተ-ሰብ ኣገዳስነት ንባብ ብምግንዛብ፡ ንባብ ከም ባህሊ ንኽሰርጽ ክደፍኣሉን ኣብኡ ክኸውንን ይግባእ። ብፍላይ፡ ወለዲ ንባብ ኣካል መሰረታዊ ጠለባት ደቆም ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ገና ብንኡሶም ልምዲ ንኽጥርዩ ክሕግዝዎም ሓቦ። ኣብዚ እዋን ብዙሓት መጽሓፍቲ ይፈርዩ ዋላ'ኳ እንተ ሃለዉ፡ መጠን ዋጋኦም ክቡር ብምዃኑ ኩሎም ተመሃሮ ክገዝኡ ኣይክእሉን። ምእንቲ'ዚ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ተመሃሮ ንኸንብቡ ክገላገሳ ጥራይ ዘይኮና፡ እንተላይ መጽሓፍቲ ከቕርባ ይግባእ። መጠን ብዙሒ ተመሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብቐጻሊ መጽሓፍቲ ክዓልዋ ከምኡ ድማ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዓቕሙ ዘፍቅዶ መጽሓፍቲ ኣብ ምውዳድ ክሰርሕ ምዃኑ ክሕብር እፈቱ።" ክብል ብዛዕባ ድኽመታትን ክትግበሩ ዝግበኦም መደባትን ገሊጹ።

ተመሃሮ ኣብ ቅድሚ መምህራንን መዛኑኦምን ብርእሰ-ተኣማንነት ደው ብምባል፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ እናሰዓቡ ብጽሒቶም የንብቡ ነይሮም። ኣብቲ መድረኽ ንውሑዳት ደቓይቕ ደው ምባሎም ጥራይ፡ ዓበይቲ ሕልምታት ክሰእሉን ከውጥኑን ክድርኹ እዮም። እቶም ተመሃሮ ድሕሪ ዝተወሰኑ ዓመታት ኣብ ምንታይ ደረጃ ኮን ይበጽሑ ይኾኑ? መን ይፈልጥ፡ ገለ ካብ'ቶም ዓበይቲ ደረስቲ፡ ፈላሰፋታት፡ ተመራመርቲ ታሪኽ . . . ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ጽልዋ እቲ መደብ ድማ ንውሑዳት ሰዓታት ወይ መዓልታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብድሕሪ ሕጂ ብዙሕ ዘጽወየሎም ዛንታታት ከፍልቕ ትጽቢት ይግበረሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ተመሃሮ ኣንቢቦም ምስ ወድኡ ስዋምን ኩታምምን ኣብ ማህደር ከም ዘሰፍሩ ተገይሩ። እቲ ማህደር ድማ፡ ንደረሲ መጽሓፍ ጊታኖ ከም ገጸ-በረኸት ክበርክተሉ እዩ።

ነቲ መደብ ዘጠሰ መምህር ያቆብ መርሃዊ ኣብ ዝሃቦ ሰፊሕ ሓበሬታ፡ "ቤት-ትምህርትና ነቲ ሎሚ 'ዘንብብ የለን' ዝብል ኣተሓሳስባ ንምልዋጥ'ያ ተበጊሳ ዘላ። ተመሃሮ ኣርኣያ ዝኾኑናም ስለ ዝሰኣኑ ደኣ'ምበር፡ እቲ ጸገም ኣብኦም ከም ዘይኮነ ኣብቶት ንምርኣይ ዓሊማ ትንቀሳቐስ ኣላ። ገለ ካብ'ዞም ተመሃሮ፡ እዛ ሎሚ ዘንበብዋ ቁጽሲ ወረቐት፡ ካብ'ቲ ኣካዳምያዊ መጽሓፎም ወጻኢ፡ እታ ቀዳመይቲ ንባቦም ክትከውን ከምእትኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም ዕውታት ኣንበብቲ ዝኾኑ ተመሃሮ፡ ዕውታት ኣንበብቲ ወለዲ ዘለዎም እዮም። እዞም ሎሚ ኣብ ቅድመና ዘንበቡ ተመሃሮ ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ዝመሃሩ ኩይኖም፡ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ 15 ተርታ ዝመጽኡ እዮም። ብሓፈሻ ኣብ 185 ተመሃሮ ዝገበርናዮ መጽናዕቲ እዚ ዝስዕብ ይመስል። እቶም 185 ተመሃሮ ብድምር ዘንበብዎ መጽሓፍቲ ኣስታት 499 ጥራይ ከም ዝበጽሐ ተገንዚብና። እዚ ድማ ብማእኻም ሓደ ተመሃራይ 2.7 መጽሓፍ ኣንቢቡ ማለት እዩ። ነቲ 'ተመሃሮ ኣየንብቡን'ዮም' ዝብል ዘረባ ሓቅነት ከም ዘለዎ ዘረድእ እዩ። እቶም ዓሚ ብልጫ ዝወሰዱ ዕውታት ተመሃሮ - ማለት ካብ 1ይ ክሳዕ 3ይ ደረጃ ዝወጹ'ኸ ኣብ ምንባብ ዘለዎም ተሳትፎ እንታይ ይመስል እንተ ኢልና፡ ተመሳሳሊ እዩ። ካብ'ቶም ዓሚ ብልጫ ዝወሰዱ 34 ተመሃሮ፡ ብድምር 162 መጽሓፍቲ ኣንቢቦም። እዚ ኣሃዘውን ኣሰካፊ እዩ። ሓደ ተመሃራይ 4.7 መጽሓፍ ዘንበበ ኩይኑ፡ ኣብ ዓመት ሓንቲ መጽሓፍ ምዃኑ እዩ። እዚ ድማ ተመሃሮና ኣብ ናይ ትምህርቲ መጽሓፍቲ ጥራይ የተኩሩ ምህላዎም የረድእ። የግዳስ እቶም ኣብ መጸኢ ህይወቶም ዕውታት ዝኾኑ ተመሃሮ ተወሳኺ መጽሓፍቲ ዘንበቡ ምዃኖም ክርድኣና ይግባእ።

"ኣብ ቤት ትምህርትና እታ ዝበዝሐ መጽሓፍቲ ዘንበበት፡ ተመሃሪት ኣብሄር ኤፍሬም ኩይና፡ 14 መጻሕፍቲ ኣንቢባ ኣላ፡ ካብዚ ብምብጋስ ኑዩም ካብ ሰለስተ ንላዕሊ መጽሓፍ ዘንበቡ 70 ተመሃሮ ብምእካብ፡ 'ሓንቲ መጽሓፍ ኣብ ሓንቲ ሰሙን' ብዝብል ቴማ ክሉብ ንባብ ኣቑምና ኣለና። ብሓፈሻ፡ ክሳብ ዝሓለፈ ዓርቢ ድማ፡ እቶም 70 ተመሃሮ ብድምር 456 መጽሓፍቲ ኣንቢቦም ኣለዉ። እዚ መጠን ኣሃዚ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዘንበብዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዞም ክሉብ ተመሃሮ ዝነበብዎ መጽሓፍቲ ጽማቕ ከም ዝዳልዉ ብምግባር፡ ብዕቱብ ተኻታቲሉ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብዞም ክሉብ ብማእኻም፡ 6.5 መጽሓፍ ተነቢቡ ማለት እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ክንጠበቐ ከለና ዝነበረ፡ 4.7 ብ1.8 ዓብዩ ማለት እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርትና 'ብሓቦር ነንብብ' ዝብል ቴማ ጸቡቕ ሰሪሕናሉ ኣለና። ካብዚ ክንመሃሮ ዝኽእልና፡ ተመሃሮ ደቕና ካብቲ እንጸበዮም ንላዕሊ ምዃኖም እዩ። እንተኣሰሪሕናዮም ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ ክስተብሃል ይግባእ።

"ካብ'ቶም መጽናዕቲ ዝተኻየደሎም 185 ተመሃሮ፡ እቶም 60 ተመሃሮ ንመጽሓፍ ጊታኖ ኣንቢቦማ። እዚ ድማ 32.4% እዩ። በዚ ድማ፡ መጽሓፍ ጊታኖ እታ ቀዳመይቲ ተነባቢት መጽሓፍ ኩይና ኣላ፡ ተወሳኺ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝኣከብናዮ ሓበሬታ እውን ዝበዝሑ ተመሃሮ ነታ መጽሓፍ ከም ዝፈትውዋ ክገርዳእ ክኢልና። ሃዛ መዓልቲ ንባብ ብዝንቀውቃ ካብ እንጽበያ፡ ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። እዛ ዕለት ንተመሃሮን ንመላእ ሕብረተ-ሰብን እወታዊ ጎስጓስ ክህልዋ ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና። ክሳብ ሕጂ ከምዚ ዓይነት መደብ ተኻዩዱ ስለ ዘይፈልጥ፡ ብደረጃ ሃገር ሓደሽ ክብረ-ወሰን ዘመዝገብና ይመስለና። ብኸምዚ እንተቐጺሉ፡ ምናልባት ብደረጃ ዓለም'ውን ክጥመት ይኽእል ይኸውን። ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ብደረጃ ንኡስ ዞባን ዞባን ካብዚ ዝዓቢ መደብ ብብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ ክትግበር ከም ዝኽእል ድማ፡ እዛ ናይ ሎሚ መደብ ኣብነት እያ።" ይብል።

ቤት-ትምህርቲ ካልኣይቲ ጉዞ ተመሃሮ


መምህር ዳዊት ኪዳነ


መምህር በላይ ሃብተጋብር

እያ። ተመሃሮ ካብቲ ኣብ ጉዞ ኮፍ ኢሎም ዘሕልፍዎ ሰዓታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘጸንሕዎ ግዜ ስለ ዝውሕ፡ ልምዲ ንባብ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ክስፋሕ ኣለዎ። ወትሩ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፍረ ህይወት





መጽሓፍቲ ከም ዝተኣበቡ ይግለጽ። ጻዕርን ዕላማን ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ፍቕሪ ንባብ ንኸሕድሮም እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ስድራ-ቤታትን ኣብያተ-ትምህርትን ድማ፡ ከምዚ ዓይነት መደብ ክተኣታቶ ኣብኡ ንምኳን ኣበርቲዖም ይሰርሑሉ። መልእኽቲ ናይ'ታ ዕለት፡ ኣብ ንባብ ኣብኡ ንኸውን እዩ። ኣብዚ ግዜ ዘሎ ህጡሉ ብንባብ ክንዓግቶ ግዚኡ እዩ። ምኽንያቱ ንተመሃሮ ካብ ትምህርቲ ከላግሱ ዝገብሩ ልምድታት እናበዝሑን እናሓየሉን ይኸዱ ስለ ዘለዉ። መላእ ሕብረተ-ሰብ እንተ ዘይሓዩሉ ግን ኣሰካፊ እዩ።

ኣብቲ 'ክሉብ ንባብ' ብመምህራን ወይ ዕዱማት ኣጋይሽ ንዝተኣበበ ዛንታታት ተመሃሮ ጽማቕ ትሕዝቶ የቕርቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ተመሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዘንበብዎ መጽሓፍ'ውን ብሓጺር ኣገባብ ጽሒፎም የምጽኡ።

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዱ ዑቕባሚካኤል

ሻድሻይን መወዳእታን ክፋል

## ዝኽርን ዳየርን ዋርሳይት

ኣብ ሓምሻይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣብ ውግእ ሽሸቢት ጸላኢ ኣጸዋርን ዓቕሚ ሰብን ብዘዓጸጸፈ ስለ ዘወሰኸ፡ ሰራዊት ወገን ብ23 መጋቢት ንድሕሪት ክስሕብ ከም ዝወሰነ፡ መራሒ ሓይሊ ተኽላይ ከኣ ኑተን ክድኽምኪ እየን ኢሉ ዝገመተን (ብዓል ኣስቴር) ውጉኣት ኣሳልየን ናብ ሕክምና ቦጦሎኒ ሓሊፈን ክጸንሓ ከም ዝኣዘዘን፡ ንሳተን ከኣ "ንሕና ካብ ብጾትና ኣይንፍለጸን ኢና!" ኢለን ኣብዮንእ'ኳ እንተ ነበራ ትእዛዝ ምኻኑ ብጽቕጢ ገይሩ ምስ ገደደን፡ ትእዛዝ ኮይኑወን ውጉኣት ኣሳልየን ናብ ወሰን ጽርግያ ብምኻድ፡ ንቓሕሳቶን ኣብ ውጉኣት ዘመላልሳ መካይን ኣሳፊረን ናብ ሕክምና ቦጦሎኒ ጀርበት ከም ዝበጽሓ፣ ሰራዊት ኣዝሊቑ ካብ ሽሸቢት ናብ ጀርበት ምስ መጽአ ግን ጋንታን ሓይልን ኣሃዱ ብዓል ኣስቴር ውሒዳ ረኺበኦ'ሞ ሞራለን ከም ዝተተንከፈ፣ ድሕሪ'ዚ ኣብ መሳርዕን ኣትየን ናብ ማይቆቑሕ፡ ደንበ ሕንብርቲ ኣብ መወዳእታ ናብ ጥቓ ጎሶሞ ጽብራ መጺኦም ንናይ ዕለት 10 ሰ መጥቃዕቲ ጎሶሞ ምቅርራብ ከም ዝወደኡ ተመልኪትና ነይርና። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፡

ኣብ መጥቃዕቲ ጎቦ ጎሶሞ፡ ብርጌድና ብጺጋም ምስ ክ/ሰ 18፡ ብየማን ምስ ካልኣይ ብርጌድ ናይ ክ/ሰ 38 ኣሲሩ ተሰለፈ። ሰለስቲኦን ቦጦሎኒታት ብርጌድና ሰዓት 10 ቅ/ቐትሪ ኣብ ከባቢ ጎሶሞ መጥቃዕቲ ፈጸማ። ዕላማ ናይቲ መጥቃዕቲ ጸላኢ ተቐጺጺሩዎ ንዝነበረ በረኽቲ (ስትራተጂያዊ ቦታታት) ንምቑጽጻር እዩ። ንጸላኢ ኣብ ዘይተጸበዮ ሰዓታት ኢና ሃጂምናዮ። በዚ ምኽንያት ጸላኢ ሕንፍሽፍሽ ኣተዎ። ሃንደበት ኣጥቂዕና ንጸላኢ ከቢድ ክሳራ ኣውሪድናሉ። ኣብ መንጎ'ቲ ውግእ እልቢ ዘይብሉ ወተሃደራት ብድሕሪት እቶ ተባዚሉም እናተገደዱ ናብቲ ሓዊ ፍስስ በሉ። ጠያይቶም ኣብ ዝዓለበ ይዕሉብ ከየገደሶም ከም ዕምባብ ይኸስከሱዎ ነበሩ። ኣግላይ ዝበዝሉ ሬሳታት ኣልዒሉም ኣብ ጋህሲ ዝደፍኑ'ውን ነይሮሞም እዮም።



ስዉእ ምሉጌታ ሰመረ ኣስራት

ኣብቲ መጥቃዕቲ ብዘማረኽናዮም ጥዑያትን ቁሱላትን ከምኡ'ውን ንዘተዓዘብናዮም ሬሳታት ማሰረት ብምግባር፡ ኣባላት ሰራዊት ጸላኢ ዝበዝሑ ተወላዶ ኦሮሞን ኣምሓራን እዮም።

ኣብቲ ቅልጥፈ ዝበሮ ጸረ-መጥቃዕቲ ንቐዳማይ ደፋዕ ቀልጢፍና ኣፍረስናዮ። ኣብ ምፍራስ ቀዳማይ ደፋዕ፡ ካብ ሓይልና ማሕሙድ ሓምሻይ ዘርዖ፣ የሱፍ መሓመድኑር (መሉበሶ)፡ ሕዳርባይን ነጋሲን ተሰዊኦም። እንደልቤ ብኸቢድ ተወጊኡ። ሽዑ መራሒ ሓይልና ተኽላይ፡ ንደቀንስትዮ ዘበልና ጸዊዑ ሓንትን ዘይተዳግሞን ትእዛዝ ሃበና። "ቀልጢፋ ኑየም ስውኣት ኣብቲ ገረብ ኣጸግዕኦም። ድሓር ብዘክረ ሶማኢታት ከፋንዎም ኢና። ኢጋር ሓከም ክሳብ ዝመጽኣክን ንእንደልቤ ብዘለክን ክሹኽ ጠቕሊልክን ደሙ ዕገታሉ" በለና። ብወገና ከምቲ ተኽላይ መራሒ ሓይልና ዝበለና ገበርና።

ኢጋር ሓከም መጺኡ ኑቲ ብኸሰድ እንደልቤ ዝዛሪ ዝበረ ደም ከየምኑ ተረባረበ። መራሒ ሓይልና፡ ንእንደልቤን ካልኦት ውጉኣትን ናብ እንዳ ቦጦሎኒ ከዕጽሖም ተወሰኸ. ተረር ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ድሕሪ'ቲ ኣጥቂዕና ንቐዳማይ ደፋዕ ጸላኢ ምፍራስና፡ ንብጾትና ሓዲግና ንድሕሪት ክንምለስ ኣይተዋሕጠልናን። ንተኽላይ "ካብ ብጾትና ኣይንተርፍን ኢና" በልናዮ። ብፍላይ ራሓና ዑመር ኣትሪራ ተቓወመቶ። ተኽላይ፡ "ውጉኣትና ሓገዝ የድልየም ኣሎ ይብለክን ኣለኹ! ኣነ ነጊረክን ኣለኹ! ትእዛዘይ ረጊጸክን እንተኺድክን ግን ኣብኣ ትረኽባኣ!" ኢሉ ብቑጥዐ ትእዛዝ ሂቡና ካልእ ስራሑ ክገብር ረሓና።

ራሓና ዑመር ንእንደልቤ ሓዚላቶ ክትወጽእ እናተጻለወት ከላ ኣብ ኢዳ ተሰውኣ። ኣብ እንደልቤ ዝረኣናዮ ምረት ማሰዋእቲ ኣዝዩ ኣሰንቢዱናን ኣሕዚኑናን። ተቓላጢፍና ሕክምና እንተ ኣብጺሕናዮስ ክሓዊ እዩ ዝበል ተስፋ ገይርና ተብተብ እናበልና ከለና ትንፋሱ ሃንደበት ወጺአ ኣብ ኢድና ስለ ዝጠለመና ብመሪር ሓዘንና። ምሳና ክስሕቕን ክጻወትን ኣርፊዱ፡ ኣጆኹም እናበለ ኣብቲ ውግእ ክዘልል ዝጸንሐ ብጻዩና ካብ መንግና ዝልኣለም ምፍላዩ ተሰሚዑና።

ማሰዋእቲ ከም ዘሎ ፈሊጥና ኣእምሮና ኣዳሊናዮ ከም ዘይጸናሕና ኣብ ሽዑ በጺሑና ምቕባል ሰኣንናዮ። ምስ ብዓል ራሓና ዑመር ንብጾትና ንወሸጢ ገይርና፡ ምእንቲ ከይንደጽ ሓድሕድና ተጠማሚትና እናተጸናናዕና ኑየም ውጉኣት ደጊፍና ናብቲ ሕክምና ኣብጺሕናዮም። ኣባላት ሕክምና ቦጦሎኒ'ውን ተጓይዮም ተቐበሉና። ኑየም ውጉኣት ተቐቢሎም ኣብ ትሕቲ ዝተጸርገ ጽላል ኣግራብ ኣደቂሶም ብተብተብ ረዲኤት ክገብሩሎም ተጓዩ። ኣብ ጨናፍር ኣግራብ እንፍዮኸን ሰቒሎም ናይ ሓይሊ ክሀቡዎም ጀመሩ።

ኣብቲ ሕክምና ዝበዝሓ ኣባላት ደቀንስትዮ ነበራ። ማዕረማዕረ ኑየም ውጉኣት ሓገዝ ክገብራሎም ምቅድዳመን፡ ንዖና ከም ኢጋይሽን ኣብ ምዕንጋል'ውን ኣይረሰዓን። ጸብ ሳልሳይ ዓለም በጽበጸን ምስየም ውጉኣት ከም እንምገብ ነበራ። በለጠ (ሓላፊ ሕክምና ቦጦሎኒ) እውን ቅድሚ ቐትሪ ውግእ ካብ ዝጅመር ክሳብ ጸሓይ ዝዓርብ ውጉኣት ካብ ምቕባል ኣየዕረፈን። እቲ ሕክምና ልዕሊ ዓቕሙ ቁሱላት ይመጽኡዎ ስለ ዝነበሩ፡ ህጹጽ ሓገዝ ዝድልዮም ብጾት ንምልላይ እናፈተሸ ረዲኤት ኣብ ምሃብን ቀጥታ ናብ ሕክምና ክ/ሰራዊት ኩሓልፉ ንዘየኽእሎም ደማ ኣብ ምልኣኽምን ተጸሚዱ ወዓለ። ሃሙን ቀልቡን ህይወት ቁሱል ብጻዩ ኣብ ምድሓን ስለ ዝተጸምደ፡ ንኹበሱ ማይ ንምግዓት'ኳ ኣይዘከረን።

እቲ ውግእ እናጸዕጸዐ ከደ። ኣብቲ ሕክምና ከለና ጸዕቂ ደብዳብ ናይ ከቢድን ማእከላይን ብረት ምስ ናይ ቦማባታት ኣድ ደሰማዐ ነበረ። ብኡ መጠን ውጉኣት ናብ ሕክምና ምውሓዞም ቀጸለ፡ ብዙሓት ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላቶም ዝተወግኡ፡ ብፉኻ፡ ብቕዳድ ኣንሶላ፡ ብኽዳውንቶም . . . ቀዳማይ ረዲኤት ተገይሩሎም፡ ብበረሌታት ተጻዒርምን ብኣእጋርምን ተሳልዮምን ናብ ሕክምና ቦጦሎኒታት መጽኡ። ብዘይዳ ኸኣ ቤታ ዕጥቅን ሰንቅን እተመላልስ ናይ ጽዕነት መኪና ተሳፈርም ይኣትዉ ነበሩ። ንሕና'ውን ኣብቲ ሕክምና ኳዥና ዓቕምና ነርክብ ነርና - መሰቢ ኣብ ምድላው፡ ኣኣርኤስን ጸበን ኣዳሊና ኣብ ምቕራብ . . .

እቲ ሕክምና ብውጉኣት ኣዕለቕለቐ። ዝርከብዎ እተን ወተሃደራዊ ተዓጸፊ ዓረውቲ ቡየም ክቡድ ዝበለ ማህረምቲ ዝበርም ጥራይ ተታሕዛ። ንሳተን ክኣኽላ ስለ ዘይከኣላ ኣብ ክንድኡ መሸማዓትን ከቦርታን ኣብ መሬት ኣንጺፍም ብምቕባል ተቐላጢፍም ሕክምናዊ ረዲኤት ይገብሩሎም ነበሩ።

ካብ ከባቢ ሰዓት ትሽዓተ ንደሓር ግን ፍኹስ ዝበለ ማህረምቲ ዝበርም ውጉኣት ጥራይ በቡሓደ ዘርጠብ እናበሉ መጽኡ። ኣባላት ሕክምና ቦጦሎኒ፡ ሓላፊ ሕክምና በለጠ ኣመት ከበዱ ንኽኽዩር መመጣ. የምጽኡሉን ንኽበልዕ ይደፋፍእዎን ነበሩ። "በለጵ እዩ ዝበራሕ፡ እንተድኣ ንስኻ ብደኻምን ጥሜትን ወዲቕካ እዚ ትገብሮ ዘለኻ ህይወት ናይ ምድሓን ቅድድም ኣይክትገብሮን ኢኻ፡ ኣይክትደምፀን ኢኻ" . . . እናበሉ ንኽምገብ ጸቕጢ ገበሩሉ። ብፍላይ ሓንቲ ኣባሉ፡ ካብቲ ቴንዳ ጸቢሒ ዓደስን ሻሂ ምስ ባኒ ሒዛ ብምምጻእ ኣብ ቅድሚኡ ከፍ ኣበለትሉ። በለጠ ግን ኣእምሮኡ ምስ መግቢ ኣይነበረን።

እቶም ኣብቲ ዝቖደ ዝበረ ውግእ ቆሰሎም ደድሕሪና ዝርከቡ ብጾት ኣባላት ቦጦሎኒና፡ ተሓኪሞምን ተመጊቦምን ጽላሎም ምስ ሓዙ፡ ናብኣየም ብምኻድ ከንታት ከመይ ከም ዝበደፉዎ ሓተትናዮም። "ጸቡቕ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ፡ ሕጂ ደኣ ውሽጢ ንሽረ ገጽም'ኳ ቀጺሎም ይኸዱ!" እናበሉ ሞራልካ ሓፍ ዘብል ወረ ኣዕለሉና። ካብኦየም ምትራፍና ደማ ሕማቕ ደሰማዓና ነበረ። ኣብቲ ውግእ ዘጋጠሞም ነገራት እናጠቓለሱ የዕልሉ ስለ ዝነበሩ፡ ወዲ ሰመረ'ውን ስሙ ተላዕለ። ንሕና'ውን ንሱን ቀጭን ሕርሙ ብረቱን ኣብቲ ውግእ ከመይ ከም ዝወዓለ ሓተትናዮም።

"ንወዲ ሰመረ ደኣ 'ይክኣሎ' እንደየም ዝብሉዎ ዘለዉ፣ መን እዩ'ሞ ራብዓይ ዘርያ ክበሎ? ገለ ዓይነት ወዲ እዩ! ካብቶም ጉዳይም ተጋደልቲ ዘፍሊ ወላ ሓንቲ የብሉን። ግን ዋዒ ኣለዎ፣ ኣብቲ ውግእ ሞት ማሰዋእቲ ከም ዘሎ ኣይዘከርን። ኣዝዩ ደፋርን ኣብቲ ውግእ 'ኣጆኹም ዝበን መሻመሻ!' እናበለ ክዋጋእ ከሎ መተም ኣብል ራብዓይ ዘር እዩ ክብሉኻ ፍጹም ክትኣምን የጸግመካ እዩ" . . . እናበሉ ጅግንነቱ ገለጹልና። እቶም ውጉኣት ብጾት ከምዚ እናዕለሉ ቃንዛኦም ረሲዖም ክሳብ ሰዓት 9፡30 ምሸት ኣምሰዩ።

ሕጂ'ውን ኣብዚ ሰዓታት'ዚ ውጉኣት መጽኡና። ንዖኦየም ክንቕበል እናተጓየና፡ ኣባላት ናይቲ ሕክምና'ውን "በለጠ በለጠ! ውጉኣት መጺኦም" ኢለን ሓበራኦ'ሞ፡ በለጠ'ውን ነታ ዝተቐረበትሉ መግቢ ጥዕም ምስ ኣበለ ጥዑይ ገይሩ ከይተመገበ ውጉኣት ክቕበል ተንቀሳቐሰ። ካብ መኪና ከይወረዱ ከለዉ ጀሚሩ ማህረምቶም ክፍትሽ ጀመረ።

ካብቶም ውጉኣት ሓደ ኣብ ርእሱ ብኸቢድ ዝተሃርመ እዩ። ገጹን ርእሱን ብፋሻ ተጀኒኑ ነበረ። መሸፈኒ መቐሰልቱ ብደም ብምጥልቃዩ ጥራይ ብዙሕ ደም ከም ዝፈሰሶ ርዱእ ነበረ። በለጠ'ውን ናብኡ ኣደሃቦ ብምግባር ከንታቱ ንምፍላጥ ክፍትሾ ጀመረ። ግን ምስ ህይወቱ ኸሎ ኣየርከበሉን። በለጠ ኣጸቢቑ ገግጠሉ ምስ ፈተሾ እቲ ብጻይ ህይወቱ ከም ዝሓለፈት ኣረጋጊጹ'ሞ፡ "ኣኽ!" ብምባል ኣድመጸ። ናብኦም ካልኦት ሰበሩ ብምፍታሹ ቀዳምነት ሓገዝ ክግበረሎም ዝግብኦም ኣለልዩ ድሕሪ ምምሕዳር፡ እንቅዓ እናስተንፈሰ ንመብራት (መሳርሒቱ) ጸውዓ። መብራት ምስ መጽኣቶ፡ ናብቲ ሀሩም እናመልከተ፡ ከም ዝተሰውአ ገለጸላ። ብምቕጻል፡ "ነተን ኣዋልድ ካብ ሓይሊታት ዝመጽኣ ጸዊዕክ፡ ምለእ ስሙን ኣሃዱኡን ሓቲትኪ ምለእ መንነቱ መዝግበዮ" በላ።

መብራት ደማ በቲ ጸልማት በተግ ኢላ ናባና - ምስየም ድሓን ዝኾኑ ውጉኣት እናዕለልና ዘምሰናሉ ጽላል - ብምምጻእ፡ "ብዓል ትርሓስ ኣስቴር፡ ሓንሳብዶ ክትመጽኣኒ?" በለትና። ንሕና'ውን ንኽልተ ሰብትና'ኳ ትጸውዕ'ምበር፡ ኣብኡ ዝበርና ኣርባዕተ ኣዋልድ ዋርሳይ ብሓንሳብ ቀረብናያ። መራሓትና ናብቲ ሰዉእ ድሕሪ ምቕራብ ከኡ ኣለለና መንነቱ ክንሕብራ ተወከሰትና። ንሕና ደማ ሓከም መብራት ንዘለዎ ኣሞፓዲና ተጠቒምና ነቲ ስዉእ ከለልዮ ፈተንና።

እቲ ስዉእ በቲ ተሸፊኑዎ ዝበረ መጀኒ ኣብሉ ናብ ገጹ ብዘፈሰሰ ብዙሒ ደም ምኽንያት ብቐሊሉ ክልለ ስለ ዘጸገመ፡ ትርሓስ "እስኪ እስኪ!" ኢላ ኑታ ኣሞፓዲና ካብ ኢድ ኣዝመራ መንጢላ ካብ ክሳዱ ክሳብ ኣጻብዕቲ እግሩ ተኩራ ተዓዘበቶ። "እንታይ ድኣሉ ንወዲ ሰመረ ዝመስል!?" ከኣ በለት። ንሕና'ውን ልብና ብሰንባደ እናወቕዐት ተኩርና ተዓዘብናዮ። ንሳኣ እንተረአናያ፡ ኑታ ንግሆ ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ወዲ ሰመረ ዘልሕማ (ዘዐርያ) ዝበረ ኮንካ ትመስል። ወተሃደራዊ ክዳኑ'ውን ናይ ሳልሳይ ዘር ተኸዲኑ ከም ዝበረ ዘርና'ሞ፡ እቲ ምልክታት ኩሉ ናይ ወዲ ሰመረ እናኾነ መጸ። ትርሓስ ብሙብራህቲ ተሓጊዛ ንምልላዩ ክትጽዕር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መንኩ "እውይ! ወዲ ሰመረ እዩ!" በለት። "ብኸመይ!?" እንተበልናያ፡ "እዝኣትልኪ እታ ናይ ኣፍልቡ ውቃጦ!" ብምባል ነታ ሙብራህቲ ኣሞፓዲና ኣጸጺራ ኣርኣየትና። ኣሚንና ክንቕበሎ ወይ ደማ ክንዝከጋ ኸኣትና ናብኡ ቀሪብና ከለለ ውትፍ በልና። ኣብ መወዳእታ፡ በታ ትርሓስ ኣብ ኣፍልቢ ስዉእ ወዲ ሰመረ ዝተመልከተታ ዘይተማትአ መረጋገጺት መንነቱ ዝኾነት ሕላገት ኣብልና፡ እቲ ስዉእ ወዲ ሰመረ ምኻኑ ተረዲእናን ናብ ሓዘን ተሸመምናን።

ነገር ናይ ንእሰነት፡ ወዲ ሰመረ እታ ኣብ ጸጋማይ ደረቱ ዝሰኣላ ውቃጦ ምስሊ ጭሩ እያ ዝበረት። ንዘተወሰነ ግዜ ኣብ ዘርያኡ ደው ብምባል ብሓዘን ተኸበና። ዋዛኡ፡ ጭርቃኑን ምንቅስቓሱን ኩሉ ከም ፊልም ብኣእምሮና ዘርናዮን ቀጀልናዮን። ኣዒንትና'ውን ንብዐት ኣውሓዛ። ንስምዒትና ክንገትእ እናተቓለስና ንጅግንነቱን ትብዓቱን ዘርርና በበውሽጥና ኣሰሩ ክንስዕብ መብጽዓ ኣቶና።

'ወዲ ሰመረ ሓዩት ቀጭን ሕርሙኻ ግቡእ ከም ዝፈጸመት ርኢናያ ሰሚዕናያ ኢና። እቶም ዝተረፍናኻ ንሕና'ውን ነቲ ዕላማ ኣብ ምዕራፉ ክንበጽሕ ግቡእና ክንፍጽም ኣሰርካ ክንክተል ኢና፡ ቃልና!' በልኑ ብልበና። ነታ መንነቱ ከነለልየሉ ምኽንያት ዝነበረት ሓከም ቦጦሎኒና ደማ፡ ስም ናይቲ ስዉእ ምሉጌታ ሰመረ ኣስራት ከም ዝበሃልን ዝርዝር ኣሃዱኡ ወሲኽናን ሃብናያ።

እቲ ውግእ ኣየዕረፈን፡ ካብ ዕለት 10 ጀሚሩ ንሽዱሽተ መዓልትን ለይትን ብዘይዕረፍቲ ደማዊ ውግእ ተኻየደ። ኣሃዱና በቲ ዝኣተውዎ ሽንኽ ሰፊሕ ከባቢ ተቖጻጺረትን ብዙሕ ኣጽዋር ማሪኻትን። ጎቦ ጎሰሞ ብሬሳታት ጸላኢ መሪጸ ተሳእናዩ።



ብዙሓት ተወለድቲ ኦሮሞን ኣምሓራን ተማሪኾም። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ግንባር መረብ ሰቲት ብዘዘውሮ መጥቃዕቲ ዓቢ ዓወት ተመዝገበ።

ግን እዚ ዓወት'ዚ ክምዝገብ ህይወት መራሒ ጋንታ ዓዋተ፡ ኣቸኖ፡ ኣማኑኤል፡ መሓመድኑር (መሉበሶ)፡ ሃብቶም፡ ወዲ ቀሽ፡ ሃሊቃ የሴፍ፡ ሰዒድ፡ ሕዳርባይ፡ ነጋሲ፡ ብርሃ፡ ወዲ ሰመረ፡ ማ/ቦጦሎኒ ሜጀር ኣማረ በየነ (ቀርዒዶ)፡ ኣዛዚ ሓይሊ መሓሪን ስዩም (ሽፍታ)፡ ዝርከብዎም ሓለፍቲ ማሰዋእቲ ከፊልና ኢና።

ብድሕሪ'ዚ፡ ብሃገር ደረጃ ደቂኣንስትዮ ንልምዓትን ህንጻትን ካብ ግንባር ምስሓብ ኮነ፡ ኣብ ከባቢ ወርሒ ኑሓሰ 1999 ምስ ብዓል ኣዝመራ የውሃንስ ምሕረት እምሃን ጓል ከረንን ካብ ሰራዊት ተሳሒብ ንመደብ ምጥፋእ ምሃይምነት ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ን/ዞ/ዓረዛ ተመደብ። እተን ኣብዚ መደብ'ዚ ዝተመደብና፡ ኣቐዲምና ኣብ ክልተ ቦታታት፡ ማለት ኣብ ደቀምሓረን ማኮለስ (ከባቢ ከረንን) ንሰለስተ ወርሒ ሱ-ምምህርና ትምህርቲ ንዓበይቲ ኮርስ ድሕሪ ምውሳድ ኢና ናብ ስራሕ ዝተዋፈርና።

ኣብቲ ዝተመደብኩዎ ኮይነ ደሃይ ደቂ ኣሃዱናን ግንባርን ካብ ምሕታት ዓዲ ኣይወዓልኩን፣ ብዙሓ ውዕሎታት ጅግኑ ህሉዋትን ስውኣትን ካብ ተዘክሮታተይ ኣይወጻኣኩን። ሓታቲት ካብ ዝረኸብኩዎ፡ ሳልሳይ ብርጌድ ካብ ብጺጋም ኩዶ ወይባ ክሳብ ዓዲ ሽቱ ኣብ ደፋዕ ኣትያ ንሓደ ዓመት ጸንሐት። ኣብቲ ግንባር መከላኸሊ ዕርድታት ኣብ ምስራሕ ከም ዝኣተወት፣ ብ23 ግንቦት 2000 ዓመት ምህረት ሳልሳይ ወራር ብዓዲ ሽቱ ጀሚሩ ኣብ ኩሉ ኣሃዱን ግንባራትን ካልኣይ ብርጌድ ለሕሙ፡ ክሳብ 25 ግንቦት 2000 ምርብራብ ከም ዝተኻየደ፣ ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣዛዚ ብርጌድ ሃይለ ወዲ ቀሺ ኣብ ከባቢ ማይ ዓጋም ከም ዝተሰወአን ካልኦት ጉዳይም ተጋደልትን ዋርሳይ ወረስቲ ሕድሪን ብማሰዋእቲ ከም ዝሓለፉን ፈለጥኩ። ኣብ መወዳእታ፡ ሰለስቲኡ ወራራት ወያነ ፈሺሉ ልኣላውነት ሃገርና ተኸቢሩ ኩናት ኣብቂዑን ብዓወት ተዛዚሙን።

**ጀጋኑና ኣብ ልብና ወትሩ ተዘክርቲ እዮም!**
**መም/ር ኣስቴር ገብረመስቀል**
**ኮማዊ ቤት ንባብ ዓረዛ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት ሞለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Timberman**

**Department: Mining**
**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- To maintain and ensure that the shaft is always in a safe working condition in accordance with Mining Safety regulations, so that men and materials maybe conveyed with maximum safety.

**Task description expanded to core performance areas**

**PERFORMANCE AREAS/GOALS**

- Inspects the shaft, haulage, and tramming ways to examine for looseness, damage or obstruction and carry out spot repairs to timberwork, steel works and any other work as required by supervisor. Use gas cutting equipment and compressed air saws during such repairs.
- Checks repairs and replacements carried out by own subordinates and applies own skill/experien'ce to damages requiring higher skill.

**RESPONSIBILITIES**

- Ensures availability of tools & materials
- Reports leaks and damages to high/low pressure pipes so that arrangements can be made to replace/repair same
- Takes accurate measurements and pre-fabricates parts on surface where replacements and repairs cannot be carried out underground. Reports to the 'Shift Boss' where problems cannot be remedied.

**Health, Safety and Environment**

**Unique requirements/other information**

- Ability to operate all underground equipment
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Trade Certificate and above<br>○ Blasting licence Holder<br>○ Must pass General Timbering course<br>○ Valid First Aid Certificate | ○ 5 years' experience in underground mining operations |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Ability to assess risk and diagnostically gather information<br>○ Attention to detail and planning skills<br>○ Results orientated<br>○ Communication skill | ○ Self-starter<br>○ Drive and enthusiasm<br>○ Development orientated<br>○ Passion for accuracy and perfection in delivery |

2. Position: Shift Supervisor

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To organize and supervise the shift operations concerning mechanized drilling, lashing, and tramming of ore to ensure safe attainment of set targets.
- Accountable for delivering individual and team production targets and coaching/mentoring of team.
- Contribute as a member of a committed, high-performance team.
- Provide visible leadership of the underground mine production operations and all other related.

**Task description expanded to core performance areas**

- To ensure that set targets are achieved
- To prevent injury to personnel and safeguard company property
- To enhance their performance
- To meet statutory requirements
- To ensure effective and efficient completion of task
- To provide information for attention/decision making
- Health, Safety and Environment

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Diploma in mining or equivalent<br>○ Valid Blasting License<br>○ Valid First Aid Certificate<br>○ Experience in underground hard rock mining is essential.<br>○ Shift Boss certificate of competency | ○ 3 years progression through lower ranks.<br>○ 7 years typical underground mining experience following qualification.<br>○ Knowledge of blasting operation techniques<br>○ Knowledge of Mine layouts<br>○ Knowledge of use underground equipment and machinery as well as explosive regulations. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Supervisory skills-ability to organize and co-ordinate including good liaison with other departments.<br>○ Basic Computer Literacy, Good English written, verbal and organisational skills, Ability to lead a team, Excellent hazard awareness, Strong Supervisory Skill and ability to lead a team. | ○ Highly organized with the ability to work independently and under pressure.<br>○ Organizational skill with Ability to work under pressure, Problem solving and analytical skills, Interpersonal skills, Strong communication skills, Commitment to safe work practices, Self-motivated, Acting in sense of urgency, Accountable personality |

3. Position: HME Operator

**Department: Mining**
**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- To plan sectional activities and drive the loader to move economic metal bearing ore /concentrate from shade to appropriate tips,
- Supervise sectional activities to ensure compliance with requirements and transport materials/equipment to various production locations to facilitate production continuity

**Task description expanded to core performance areas**

- Planning
- Implementation of the plan
- Reporting

**Unique requirements / other information**

- Ability to operate all underground equipment
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Trade certification to operate underground Loader, Dump truck, Rigs, and ancillaries' equipment.<br>○ Valid blasting license.<br>○ Valid driver's license | ○ 5 years working experience in underground mining environment.<br>○ Prior experience as a Loader/Dump truck /rig Operator.<br>○ Prior experience operating remote LH410, XTUW-5, ST 18, LH17i, remote R2900 Loaders or similar.<br>○ Prior experience operating XTIUI- 20, TH 545,MT 42 Dump trucks or similar<br>○ Prior experience operating DL321, DD321<br>○ Prior experience operating underground support equipment<br>○ Read & write English language.<br>○ Able to perform basic machinery troubleshooting task. |
| Technical Skills | Behavioral Skills |
| ○ Ability to work long shifts both day and night shift.<br>○ Risk management and assessment.<br>○ Analytical and Problem solving<br>○ Excellent Hand-Eye Coordination | ○ Ability to work under pressure.<br>○ Take instruction from supervisor/ crew leaders, Excellent teamwork skills, Excellent Communication skill, Ability to work towards strict deadlines, Interpersonal skills |

Continued on page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ ሰምራዊት መለስ

*Continued from page 7*

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

4. **Position: HME Mechanic**
   **Department: Mining**
   **Number required: Five (05)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting
- of heavy mobile equipment used in underground operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining/construction projects.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety Targets Achieved
- SOP Requirements Achieved
- Production Targets Met (Costs Maintained Within Budget)
- Manpower Development Achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- Effective communication skills.
- Excellent interpersonal skills, initiative, efficient and ability to work in a multi-cultural, multi-ethnic environment with sensitivity and respect for diversity.
- Willingness to work in underground conditions, including extended shifts, if necessary.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Diploma in Heavy Mining Equipment maintenance or Formal Trade certificate.<br>○ Additional training or certification in heavy mechanical or underground equipment repair is preferred. | ○ Minimum 3 years of experience in repairing and maintaining underground heavy mobile equipment.<br>○ Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>○ Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints.<br>○ Acceptable knowledge of underground safety and work execution.<br>○ Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy, Hydraulic fault-finding, Mechanical/Electrical skill, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management, Communication (English), Able to work in a team concept, Able to work in a multi-disciplinary environment, Ability to work under pressure and achieve results, Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**5.Position: Artisan Auto Electrician**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To attend to-all electrical related issues on underground mining equipment and workshop.
- Diagnose and replace faulty electrical and electronic systems, units and components of machinery and equipment.
- Inspect electrical systems, equipment, and components to identify hazards, defects and the need for adjustment or repair, and to ensure compliance with codes.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures.

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety Targets Achieved
- SOP Requirements Achieved
- Production Targets Met (Costs Maintained Within Budget)
- Manpower Development Achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- Adhering to principles & values
- Effective communication skills.
- Excellent interpersonal skills, initiative, efficient and ability to work in a multi-cultural, multi-ethnic environment with sensitivity and respect for diversity.
- Strong understanding of the maintenance, troubleshooting, and repair processes for HME.
- Excellent problem-solving skills and attention to detail.
- Strong attention to detail with a commitment to producing high-quality work.
- Willingness to work in underground conditions including extended shifts if necessary.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Auto Electrical Technician Part II, III/HND Electrical & Electronic Engineering or related qualification from a recognized institution.<br>○ Additional training or certification in Auto Electrical mining equipment or underground equipment repair is preferred<br>○ Certification for Air-conditioning maintenance and repair will be advantageous. | ○ Minimum of 5 years of experience in the mining maintenance field, including 3 years of experience on underground equipment such as drill rigs, loaders, dump trucks, and other supporting machinery.<br>○ Ability to distinguish colors used in color-coding harness and electronic components.<br>○ Ability to identify electrical problems and apply diagnostic methods to achieve satisfactory results.<br>○ Proven ability to read and interpret standard electrical blueprints, schematics, technical drawings, parts books, and service manuals (including specifications).<br>○ An ability to identify, organize and use resources effectively to complete tasks with due regard to cost, quality, safety, and environmental impact.<br>○ Acceptable knowledge of underground safety and work execution.<br>○ Possess a valid Driver's License with Good defensive driving skills. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literac, Hydraulic fault-finding, Mechanical/Electrical skills, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience of multiple underground machines, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management<br>○ Communication (English), Able to work in a team concept, Able to share knowledge and skills with local workforce<br>○ Ability to work in a multi-disciplinary environment.<br>○ Ability to work under pressure and achieve results.<br>○ Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ካብ ዘባታት

## ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ 'ሰውራ'

ብሰራት ተመስገን

*ታሪኽ ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ ካብ ሜዳዩ ዝበገሰ፡ ካብ ቅድሚ ናጽነት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ብዙሓት ዜጋታት፡ ፍልጠት ከኸዕብዙን ሃገራዊ መንነቶም ክሸሽኑሉን ሓጊዙዎም'ዩ። ስለዚ፡ ዓቢ ጽልዋ ዘሕደረት ቤት ትምህርቲ'ያ እንተ ተባህለ ይወሓደዶ'ምበር ኣይዓብዮን። ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እያ ትበሃል። እዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ ብፍላይ ድሕሪ ናጽነት፡ ብዙሓት ተመሃሮ ተቐቢላ ብምምሃር፡ ኣብ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ትገብር ዘላ'ያ። ቀጺልና፡ ኣብ'ዚ ቀዋሚ ክፋል ጽሑፍና እንቖርቦ ምስ ሓላፊ ናይ'ዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ ኣቶ ሰዩም ሃይለማርያም ዘካየድናዮ፡ ንተራን ኣብርክቶን እዛ ቤት ትምህርቲ ዝድህስስ ቃለ መሕተት ኮይኑ፣ ኣብ ዝመጽእ ክፋል ድማ ምስ ተመሃሮን ኣለይቶምን ዘካየድናዮ ዕላል ክነቕርበልኩም ኢና - ሰናይ ንባብ–*

**ድሕረባይታ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክትሕብረና?**

ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ልክዕ ከም'ቲ ስሙ ዝሕብሮ፡ ኣብ ሰውራ ዝተበገሰ ድሕረ ባይታ ዘለዎ'ዩ። እቶም ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝበቕዑ ቈልዑ ድማ ብውድብ ኣረኣእያ ተገይሩ፡ ኣብዛ ቤ ትምህርቲ ይመሃሩ ነይሮም። ኣብ 1991 ናጽነት ምስ ኮነ፡ ውሑዳት ተመሃሮ ጠርኒፉ፡ ኣብ ከረን ትምህርቲ ምሃብ ቀጺሉ። ብሃገር ደረጃ መጽናዕቲ ምስ ተገብረ ድማ፡ ኣገዳስነት ናይዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስለ ዝተረጋገጸ፡ ክትቅጽል ተገይሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ እዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ደቀምሓረ ክትድኮን ተወሲኑ። ኣብ ደቀምሓረ ድማ፡ ነቶም ካብ ሜዳ ዝመጽኡ ውሑዳት ተመሃሮ ሐዚ፡ ኣገልግሎታ ጀሚራ። ኣብ 1993 ከኣ፡ ዘድሊ መሳለጥያታት ዓጢቓ፡ ብቑዓት መማህራንን ኣለይትን ሓቝፋ፡ ብዝሓየለ መልክዕ ኣገልግሎታ ቀጺላ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኩሉ ንጥፈታት ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ቀጽሪ ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ'ዩ ዝካየድ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ 1996 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ግን፡ ተመሃሮ ናይ'ዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ፋሕ ኢሎም ክምሃሩ ተገይሩ። እዚ ከኣ፡ እቶም ኣብ ሜዳ ተወሊዶም ዝዓበዩ ተመሃሮ ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት እናተሳተፉ ምስ ህዝቢ ንኽላለዩን ንኽዋሰኡን ተባሂሉ'ዩ። ብሰንኪ መዓዝኢቲ ዘይምዕሩይ ዝርግሐ ትምህርቲ ምንባሩ ከኣ፡ ኩሉ ዜጋ ዝዛኸሮ ሓቂ'ዩ። ከም ኣሉታዊ ወጽኢት ናይ'ዚ ሕሉፍ ታሪኽ ከኣ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብሩ ዜጋታት፡ ትምህርቲ ኣልቦ ክኾኑ ተገዲዶም እዮም። ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ፡ ነቲ ዝነበረ ሽግራት ንምፍታሕ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚራ፡ ነቶም ብሰንኪ ራሕቂ ቦታን ቀጠባዊ ትሕዝቶን ዕድል ትምህርቲ ተሓሪሞምም ዝነበሩ ዜጋታት፡ ካብ መላእ ሃገር እናተቐበለት፡ ከም መንበሪ ባይታ ኮይና ከተገልግል ዕድል ከፊታ። 'ኩሉ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝርከብ ዜጋ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፍ ኣለዎ' ዝብል ፖሊሲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተኸቲላ ድማ፡ ካብ ትሸዓተ ብሄራት ዝመጽኡ ተመሃሮ እናተቐበለት ናብ ዕዮ ወፊራ። ምዕሩይ ዝርግሐ ዕድላት ትምህርቲ ክህሉ'ውን፡ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ትርከብ። ኣፍሲ.ወክፍ ዞባ ናታ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ክህልዋ ኣሎ ዝብል ድሒሩ ብዝወጸ ፖሊሲ ድማ፡ ነተን ኣብ ጻብራን ኣሰማጥን ዝነብራ ሓዊሽካ ካብ ሰለስተ ዘይበዝሓ ዝነብራ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ክምዝህልዋ ተገይሩ።



**ክንደይ ዝኣኽሉ ተመሃሮ እያ ሒዛ ዘላ?**

ካብ ሜዳ፡ ኣስታት 500 ተመሃሮ ሒዝና ኢና መጺእና። ኣብ ደቀምሓረ ምስ መጻእና ከኣ፡ ቍጽሪ ተመሃሮ ቀስ ብቐስ እናወሰኸ ክምዝኸይድ ተገይሩ። ኣብ 1997፡ ዕድላት ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ብማዕረ ክበጽሕ ኣለዎ ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ ምስ ወጸ ድማ፡ ቍጽሪ ተመሃሮና ናብ 1500 ክነብ ከሎ ክኢልና። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ዋሕዲ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዝነበረ ክዝንጋዕ የብሉን። መንግስቲ ኣብ ብዙሓት ገጠራት ኣብያተ ትምህርቲ ክሰርሕ ምስ ጀመረ ግን፡ ዕድላት ስለ ዝተረኽበ፡ እንቕበሎም ቍጽሪ ተመሃሮ ክጎድል ጀሚሩ። ካብ 2008 ኣትሒዝና ከኣ፡ ብዝሒ ተመሃሮና ናብ 1050 ክወርዶ ክኢልና። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ 296 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባኦም 1026 ተመሃሮ፡ ነምህር ኣለና።

**ምሕደራዊ ቅርጺ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከመይ ይመስል?**

ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ሓሚሽተ ዝሰዕብ ቅርጺ ኣመሓዳድራ ኣለዋ። እቲ ከም ቀዳማይ ዝገለጽ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት'ዩ። እዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ፡ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ዝምድና እናፈጠረ፡ ብዙሓ ጉዳያት ተመሃሮ ይከታተል። ብተወሳኺ፡ ጸገማት ተመሃሮ ሰሚዑ፡ ንምፍትሖ ዓቢ ተራ ይጻወት፣ ወጽኢት ተመሃሮ ተገምጊቡ ድማ፡ ነቶም ትሑት ብቕዓት ዘምጽኡ ይምዕድን ይመክርን፣ ነቶም ንፉዓት ከኣ የተባብዕ። ገስጋሳትን ሰሚናራትን እናወደበ ከኣ፡ ተመሃሮ ኣብ ኩሉ ነገራት ንቑሓት ከም ዝኾኑ ይሕግዞም። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ምሕደራን ፋይናንስን ቤት ትምህርቲ ተላፊኑ፡ ዕድማን ሓፈሻዊ ጸገምን የመሓድር። ከም ካልኣይ ዝሰርሖ ክፍሊ ምሕደራን ፋይናንስን'ዩ ዝመጽእ። እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ብሓፈሻኡ ምስ ምሕደራ ቤት ትምህርትን ዕድማን ዝተኣሳሰረ'ዩ። ብሳልሳይ ዝሰርሖ ክፍሊ ኣለይቲ ተመሃሮ'ዩ። ኣብ'ዚ ክፍሊ ዝተመደቡ ኣቦታት ከኣ፡ ከም ኣቦን ኣደን ኮይኖም፡ ንተመሃሮ ዝኣልዩ ናይ ቀረባ ሓለፍቲ እዮም። ዝበዝሑ ናይ ነዊሕ ዓመት ተመክሮ ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ምምልማል ብቑዓት ተመሃሮ፡ ልዑል ተራ'ዩ ዘለዎም። በዚ ከኣ፡ ብሃገር ደረጃ ተወዳደርቲ ተመሃሮ ከፍሪ ክኢልና ኣለና። እቲ ከም ራብዓይ ዝሰርሕ ድማ ክፍሊ ሓፈሻዊ ጸገና እዩ። እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ኣብ ምጽጋን ዝተፈላለያ ማሽናት፡ ኣብ ምዝርጋሕ ማይን ኤለትሪክን ዝጥፍ'ዩ። ንምግብናን ምስኡ ዝተኣሳሰርን ዝምልከት'ውን ኣብ ትሕቲ'ዚ ክፍሊ'ዩ ዝመሓደር። እቲ ከም ሓምሻይ ቅርጺ ምሕደራ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሕ ድማ ንኡስ መደብር ጥዕና እዩ። እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ነታ ኣብ ቤት ትምህርትና ተደኲና ዘላ ክሊኒክ ዘመሓድር ኮይኑ፡ ጥዕና ተመሃሮ እናተኸታተለ ኣገልግሎት ዝህብ'ዩ።



**ካበይ ዝመጽኡ ተመሃሮ ኢኹም ትቕበሉ?**

ኣብ'ቲ ፈለማ ማለት፡ ካብ 1995 ክሳብ 2008 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርትና፡ ብመገዲ ምምሕዳራት ከባቢን ሚኒስትሪ ትምህርትን ተመሪሖም ካብ ኩሉ ሃገር ዝመጽኡ ተመሃሮ ተኣንጊድ ነይራ። ድሒሩ፡ ዞባታት ናይ ገዛእ ርእሰን ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ክህልወን ምስ ጀመረ ግን፡ ብቐንዱ ካብ ዞባ ደቡብ ከምኡ'ውን ካብ ዞባ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዝመጽኡና ተመሃሮ ንቕበል። ንኣብነት፡ ኣብ ዞባ ደቡብ - ካብ ሰንዓፈ፡ ጾሮና፡ ማይዓይኒ፡ ማይምነን ዓረዛን ዝመጽኡ፣ ካብ ዞባ ዓንሰባ - ካብ ሃብሮን ገሉብን ዝመጽኡ፣ ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ፡ ካብ ጊንዳዕ ፎሮ፡ ገልዓሎ፡ ሕርጊጎን ባጽዕን ዝመጽኡ ተመሃሮ ተቐቢልና ነምህር። ከም ተወሳኺ፡ ነቶም ርኡይ ጸገም ዘለዎም ብመገዲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝመጽኡና ተመሃሮ፡ ብፍሉይ ፍታሕ ንገብረሎም ኢና። ካልእ፡ ነቶም ካብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ዝመጽኡና ዓይነ ስውራን ተመሃሮ'ውን ንቕበል ኢና።

**ንተመሃሮኹ ክንደይ ክፍሊ ምስ በጽሑ ትቕበልዎም?**

ኣብ 1994 ገደብ ናይ ደረጃ ትምህርቲ ኣይነበረን። ደረጃ ትምህርቶም ካብ ሻድሻይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝበጽሑ ተመሃሮ፡ ኣብ'ዚ ቀጽሪ ክመሃሩ ፍቑድ ነይሩ። ድሒሩ ግን፡ ዝርግሐ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝዓበየ፡ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ 9ይ ክፍልን ልዕሊኡን ዝማሃሩ ተመሃሮ ክትቅበል ጀሚራ። ብፍሉይ ድማ፡ ነቶም ካብ ምብራቓዊ ኣጺድፍ ዝመጽኡ ተመሃሮ ብዝረ ሳሆ፡ ካብ 6ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዘለዉ ተመሃሮ ፍታሕ ብምግባር ንቕበሎም።

**ማሕበራዊ ንጥፈታት ተመሃሮኹም እንታይ ይመስል?**

ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርትና፡ ካብ ዝተፈላለየ ድሕሪ ባይታ፡ ልምድን ባህልን ዘለዎ ሕብረተሰብ ዝመጽኡ ተመሃሮ እዮም ዘለዉና። ዝ ናብ ሓደ ኣንፈት ከተማእዝኖ፡ ቡዳሂ ምኻኑ ርዱእ'ዩ። እንተ ኾነ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ጥንታዊ ዝመጽኡ ሃብታም ክብርን ልምድን ባህልን ስለ ዘለዎ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ፍልልያትና ጸጋታትና'ዩ ዝብል መርገጺ ህዝባዊ ግንባር ተኸቲልና ስለ ንሰርሓሉ፡ ተመሃሮና ሃብታም ኤርትራዊ ክብርን መንነትን ሓዚዎም'ዮም ትምህርቶም ዝዛዘሙ። እቶም ኣቦና ተማሂሮም ዝወጽኡ፡ ነቶም ብድሕሪኦም ዝመጽኡ ተመሃሮ፡ ጽቡቕ ምስሌን ሓበሬታን ስለ ዝህብዎም ከኣ፡ ምስሊ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርትና፡ ብጽቡቕ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።



ሓደስቲ ተመሃሮ ኣብ እንቕበሉ እዋን ድማ፡ ሕጋጋት ቤት ትምህርትና ብዝርዝር ንገልጸሎም ኢና። በብእዋኑ ብኣካይዶም ሰሚናራትን ገስጋሳትን ከኣ፡ ሃገራዊ መንነት ተመሃሮና ክሕሉ ጻዕርታት ኣካይድ። ስለዚ፡ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንእሽተይ ሳዋ ክንብላ ንኽእል።

**ኣጠቓቕማ ግዜ መጽናዕቲ ተመሃሮ ከመይ ኣሎ?**

ተመሃሮና ብሃገር ደረጃ ብቑዓትን ተወዳደርትን ንምግባርም፡ ኣጠቓቕማ ግዜኦምን መጽናዕቶምን ብጥብቂ ንከታተሎም ኢና። ስለዚ፡ እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ፡ ተመሃሮ መጽናዕቲ ዝገብሩሉ መደብ ምሕንጻጽ እዩ። ኣብ'ዚ፡ ኣቦላት ምክትታል ኣለይቲ፡ ዓቢ ተራ ይጻወቱ። በዚ መንጽር፡ ግዜ ድቃስ፡ ትምህርቲ፡ መጽናዕቲ ከምኡ ድማ ተወሳኺ ንጥፈታት ተመሃሮ ብጥብቂ ይከታተሉ። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ተወዳደርትን ክሳብ ኮሌጃት ዝቕጽሉ ተመሃሮን ኣብ ምፍራይ፡ ልዑል እጃም ነርክብ ኣለና ኢና ንብል።

**ስለዚ፡ ጽልዋ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ከመይ ይመስል?**

ጽልዋ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ ከም መጫጩሒት እንቋቑሖ (ኢንኩቤተር) ገይርካ ክትገልጾ ይከኣል። ካብ ሜዳ ጀሚርም ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ዝፈረዩ ተመሃሮና ድማ፡ ኣብ'ቲ ሃገር እትጠልቦ ዓውዲ እናተመደቡ፡ ኣድማዒ ተራ ይጻወቱ ኣለዉ። ብዘይ ምግናን፡ ኣብ ኩሉ ስራሓት መንግስቲ ተዋፊሮም እንረኽቦም፡ ኣዝዮም ብሉጻት ተመሃሮ ኣፍሪና ኢና። ንዚያዳ ዓወትን ጽልዋን ድማ፡ ኣብርቲዕና ንሰርሕ ኣለና።

**ኣብ መወዳእታ እተመሓላልፎ ለበዋ?**

እቲ ብቐዳምነት ክፍታሓልና እንጽዕረሉ ዘለና፡ ንቤት ንባብ፡ ንኣኼባታትን ሰሚናራትን ዘገልግሉ ተወሰኽቲ ክፍልታት ምስራሕ እዩ። ካልእ፡ እዚ ህንጻ ንብዙሓት ዜጋታት ዘምሃረ ግን ከኣ ማዕረ ማዕረኡ ብዙሕ ጸገና ዘይተገብረሉ ብምዃኑ፡ ነቲ ተበላሺዩ ዘሎ ምጽጋን ሐገዝና ዘለና መደብ'ዩ። ብቐንዱ ግን፡ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ነቲ ትሰርሓሉ ዘላ ዕላማ፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ጥርዚ ንምብጻሕ፡ ሕጂ'ውን ጸገማታን ብደሆታታን ምስ ግዜ እናፈታትሐት፡ ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ምዃና ከበልጽ እፈቱ። ንተመሃሮና ድማ፡ ነቲ ብናጻ ተቐሪቡሎም ዘሎ ዕድል፡ ብዝዓበየ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኽርዎም።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መ'ሸታ

## ወግዕታት በዓል ብዓይኒ ስነ-ኣእምሮ

### ኣምንታይ በዓል ኣፈቱ?

በዓል ዘይጽንብል ሕብረተሰብ ኣሎ ዶ? ዓለማዊ፡ ሃገራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ማዕሕበራዊ ... እናበልና ኣብ ዓመት ብርክት ዝበለ በዓላት ንጽንብል ኢና። ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ወግዒ በዓል'ኳ እንተ'ሎ፡ ዳርጋ ኩሉ በዓላት ሓያል ዝኽሪ ዝሓድግ ሃዋህው ኣሎዎ። ዕቤትን ኣገባብን ኣጸነባብላ በዓል፡ ብመጽር'ቲ በዓል ዝካየደሉ ዕላማ ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዒድ ኣልፈጥር ኣመንቲ ምስልምና ጸንቢሎም፣ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ከኣ በዓል ትንሳኤ ብኣመንቲ ክርስትና ክጽንበል እዩ። ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ግንቦት፡ ኩልና ኤርትራውያን በዓል ናጽነትና ክንጽንብል ኢና። ሎሚ፡ ኣብ ቤቶም ምስ ቈልዑ ገዛውትን ጉረባብትን ኮይኖም ዕለተ-ልደት ውላዶም ዘኽብሩ ኣይሰኣኑን። ይኹን እምበር፡ በዓላት ካብ ዝፈላለዩ ዘመሳሰሎ ረቛሒታት ይበዝሕ። ብዓቢኡ፡ በዓል፡ ሓጐስ ንምጽንባል ዝካየድ ወግዒ እዩ። ስለዚ፡ ኣብኡ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ሓጐስ ዝፈጥር ክኸውን ትጽቢት ይግበር። ብዛዕባ በዓል ክዝረብ ከሎ፡ ኣብ ሓንጎልና ጽቡቕ ዝኽርታት እዩ ዝቕጀል። ዝበዝሐ በዓል ዝጸንበልና፡ ዝበዝሐ ጥዑም ዝኽሪ ክህሉወና ይኽእል።



ካብ ቤተሰብናን መቕርብናን ፍልይ እንተ ኢልና፡ ፈለማ እንዝክሮን እንናፍቖን ከኣ ኣብ ኣውደኣመት ዝካየድ ወግዒ ይኸውን፣ ቡን ክፈልሕ፡ ሸሻይ ክቕረብ፡ ቤተሰብን ፈተወትን ክተኣኻኸብ፡ ወዘተ።

ጽንብል በዓል፡ ክንዮ'ቲ ንዓና ዝፈጥረልና ጦብላሕታ፡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ እወታዊ ጽልዋ ከም ዘሎዎ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ይገልጹ። መዓልታዊ ህይወትና ጸቕጥን ዘይርጉጽነትን ዝመልኦ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ በዓላት፡ ካብ ኩሉ ንጥፈታት ደው ብምባል፡ ምስ ስድራቤትን መቕርብን ምርኻብ ካብ ወጥሪ ከፋኽስ ይኽእል። ነቲ ብዘይ ዕረፍቲ ክኸየድ ዝጸንሐ ጉዕዞ፡ እልይ ኢልካ ክትርእዮ፡ ምስ ፈተውቲ ኴንካ ክትግምግሞን ክትዝትየሉን የኽእል። ዝሓሸ ምኽሪ ክንረክብ'ውን የኽእል። ኣብ በዓላት ዝግበር ወግዒ፤ ምትሕብባር፡ እምነት፡ ፍቕሪ፡ ይቕረ-ምብህሃል፡ ምትሕግጋዝ፡ ወዘተ ዝሓቑፈ ስለ ዝኾነ፡ ከም ዋልታ ኮይኑ ካብ ጸቕጢ ክከላኸለልና ይኽእል። ሕብረተሰብ፡ ዝኣኻኽቦን ዘሕብሮን ብርክት ዝበለ በዓላት ምስ ዝጽንብል፡ ዝሓየለ ምትእሳሰር ክሃንጽ ይኽእል። ዝጽንበል በዓላት፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ዘዕብን ዘሰጋግርን ምስ ዝኸውን ከኣ ከም መለክዒ ስኒትን ሓይልን ናይቲ ሕብረተሰብ ክውሰድ'ውን ይኽእል።

ኣብ በዓል ዝቐረብ ሸሻይ፡ ካብቲ መዓልታዊ እነዘውትሮ ዝተፈልየን ዝጠዓመን ስለ ዝኾነ፡ በዓል ንኽንፈቱ ካብ ዝድርኽ ካልእ ምኽንያት እዩ። ብፍላይ ቈልዑ፡ ዝለመዱዎ ህያብ ንኽቕበሉ፡ 'መዓስ እዩ ኣውደኣመት ዝኣክል' ክብሉ'ዮም ዝቕንዩ። ኣብ ቅንያት በዓል እንለዋወጦ ህያብ ከም መግለጺ ፍቕርን ተግዳስነት ይውሰድ፣ ኣብ ምብራኽ ነብሰ-ክብርን ማሕበራዊ ዝምድናን ከኣ እወታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ኣብ በዓል ዝካየድ ህያብ ናይ ምልውዋጥን ምትሕግጋዝን መስርሕ፡ ኣብ ውሽጢ እንፈልጦ ዓንኬል ከይተሓጽረ ብዕላማ ምስ ዝስነ፡ ናይ መንፈስ ዕጋበት ዝያዳ ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ቅንያት በዓል ዝዘውተር ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ፡ ኣብ ገለ ሕብረተሰብ ጌና ዝቕጽል ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ሕብረተሰብ ግን ብባህሊ ሓሻሽነትን ውልቃዊ ኣተሓሳስባን ተዓብሊሉ፡ ነበረያ-ነበረ ኮይኑ ይርከብ።

ጽንብል በዓላት ኣካል ባህላዊ ውርሻ እዩ። ኣብ በዓል፡ ነውርታን ቅቡል ወግዕታትን ኣሎ። እዚ ነውርታትን ቅቡል ወግዕታትን ክሳዕ እዚ እዋን'ዚ ብጽሑፍ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንመሃሮ ኣይኮነን። ዝዓበየ ኣገባብ ወግዕን ክብርታት ባህልን እንመሃረሉ መድረኽ፡ ውራያትን በዓላትን እዩ። ስለዚ፡ ባህሊ ክወራረስ እንተ ኾይኑ፡ ብዙሕ በዓላት ክህሉ ኣሎዎ። እንተ'ኾነ በዓላትና ምስ ህሉው ደረጃ ማሕበረ-ቍጠባና ብምዝማድ ክካየድ የድሊ። እዚ ዛዕባ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘተን ምርድዳእ ዘድልዮ ይመስለኒ። ቍጠባና ዘፍቅዶ፡ ባህልናን ወግዕናን ክንዕቅበሉ እንኽእለሉ ኣገባብ ኣጸናባብላ ምምሃዝ የድሊ። መዓልታዊ ናብራና ካብ ኢድ ናብ ኣፍ እንክነሱ፡ ጽንብልና ግን ከም እንዳ ንጉስ ከጊጽ ምብሃግ፡ 'ጽቡቕ ድሌት' ዘይኮነ፡ ዝተደናገረ መንነት ከም ዘሎና እዩ ዝገልጽ። ብኣንጻሩ፡ ከም ምዕራባዊ ሕብረተሰብ፡ ባህሊ ኣልቦ ቍጠባ እንተ ሃኒጽና ሓደጋኡ ስለ ዝዓቢ፡ ሚዛናዊ ሓሳብ ክርዕም ኣገዳሲ ይገብሮ።

## ኣብ ቅነ ኣውደኣመት ኩሉ ሰብ ብማዕሊ ይሕጎስ ዶ?

ቅንያት ኣውደኣመት፡ ስድራቤታት ዝተኣኻኸቡሉን ዝሕጐሱሉን ቅንያት እዩ። ብፍላይ ንቈልዑን ነጋዶን ዝበለጸ እዋን እዩ። እዚ ቅንያት ዝፈጥሮ ወጥርን ዕግርግርን ግን ኣይሰኣንን። እዚ ጸቕጥን ዕግርግር'ዚ፡ በቲ በዓል ወይ ብዕላማኡ ዘይኮነ፡ በቲ ንኽንጽብሎ እንወስዶ ውሳነታት ዝፍጠር እዩ። ኣብ ቅነ በዓላት ጠንቂ ጸቕጢ ዝኾኑ ረቛሒታት፤

1- ፋይናንሳዊ ወጻኢታት

ኣብ በዓል፡ ቀዳማይ ምንጪ ጸቕጢ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት እዩ። በዓላት ብዘይ ውጥን ዝኽሰት ኣጋጣሚታት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብኣጋኡ፡ ንበዓላት ዝኸውን ገንዘብ በብቑሩብ ክንእክብ ንኽእል ኢና። እንተ'ኾነ፡ ዝበዛሕና ምስ ተቓረበ ኢና ብዛዕባ ገንዘብ ክንሸገር እንርእ። ንበዓል ዝኸውን ገንዘብ ዘይብልና እንክነስና፡ ብዝወሓደ ወጻኢታት ከነሕልፎ'ውን ኣይንውስንን። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ፡ ካብ ቅድሚ በዓል ጀሚሩ ዝቕጽል ጸቕጢ ክስምዓና ይኽእል። ፋይናንሳዊ ወጻኢታትና፡ ካብ ቍጽጽርና ወጻኢ ክኸውን ዝድርኽ ካልእ ረቛሒ፡ ድሌታት ደቅና እዩ። ደቅና ኣብ ቅንያት በዓል፡ ነገራዊ ህያብ ክወሃቡ ከም ንቡር ወሲዶሞ ኣለዉ። እዚ ከኣ ካብ ክልተ ምኽንያታት ይብገስ፣ ሓደ ኣተዓባብያና ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ጽልዋ መዛኑ እዩ። ኣብ በዓል እንተወሓደ ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዝና፡ እንተ ዘይኮይኑ ካብኡ ንላዕሊ ነጥፍእ። በዚን ወዲ ከም'ዝን ኣውደኣመት ዝጸልኡ ወለዲ ኣይሰኣኑን ይኾኑ።

2- ጻዕቂ ዘቤታዊ ስራሕ

ኣብ በዓል፡ ገዛና ናብ ብሉጽ ቤት መግብን መስተን ይቕየር'ዩ እንተ በልና ምግናን ኣይኮነን። ኣባላት ስድራቤት፡ ብፍላይ ኣደታት፡ ኣብ 'ክረምታዊ ማእቶን' እየን ዝቕንያ። ብቕንያቱ ኣብ ምጽርራይ ገዛ ተጸሚደን ብምቕናይ፡ ኣብ መዓልቲ በዓል ከኣ ስጋ ምምታር፡ እንጀራ ምስንካት፡ ካብ ክልተ ዓይነት ንላዕሊ መግብን መስተን ምድላው፡ ቈልዑ ምጽርራይን ክዳውንቶም ምቕያርን፡ ቡን ምፍላሕ፡ ጋሻ ምቕባል፡ ኣቑሑት ምሕጻብ... ክሰርሓ መሬት ይዓርበን። እዚ ኣገባብ ልሙድ ስለ ዝኾነ ኢና ዘይነስተብህለሉ እምበር ኣዝዩ ኣህላኺ እዩ።

3- ማሕበራዊ ግርጭት

ኣብ በዓል፡ ምስ ስድራቤትና ብምትእኽኻብና ዝምድናና ክድልድል ይኽእል እዩ። ኣብዚ ምትእኽኻብ'ዚ፡ ዝምድና ክድልድል ወይ ክሕርፍፍ ይኽእል'ዩ። ቀዲሙ ዝተፈጥረ ግርጭታት ብኣጋኡ ምስ ዘይእለ፡ ኣብ በዓል ንዝፍጠር ናይ ምትእኽኻብ ባይታ ተጠቒሙ ናብ ዘይተደልየ ደርጃ ክዓቢ ይኽእል። ኣብ ሕብረተሰብና፡ በዓል፡ ይቕረ እተበሃሃለሉን ሕድገት እተርእየሉን ህሞት ስለ ዝኾነ፡ ብዙሕ ኣጸጋሚ ኣይኮነን፣ እንተ'ኾነ፡ ነዚ ዝኣልዩ ለባማት ወለዲ የድልዩ።

4- ምንጪ ሓዘን

ኣብ በዓል እነሕልፎ ጥዑምን ተዘካርን ህሞት፡ ከም ዘለዎ ዓመት ዓመት ዝደጋገም ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ምሉእ ስድራቤትና ኣሕሊፍናዮ፡ ሎሚ ዓመት ግን እንፈትዎ ኣባል ስድራቤት ክፍለየና ይኽእል። ስለዚ፡ በዓል፡ ነቲ ተዘካርን ጥዑምን ህሞት ክንረኽቦ ከም ዘይንኽእል ብምዝኽኻር ሓዘን ክቕስቅስ ይኽእል። ሓደ ካብቲ ባህ ዝበለኒ ወግዒ ሕብረተሰብና፡ ከምዚ ዓይነት ታሪኽ ንዘሎዎ ስድራቤት፡ ኣብ በዓል ናይ ምብጻሕ ልምዲ እዩ። ንሕሙም፡ ሓዘንተኛ፡ ካብ ስድራኡ ኣርሒቑ ንዘሎን ካልእን ብፍሉይ ኣብ በዓል ይብጻሕ ወይ ይዕደም።

በዓል ሓጐስ ከመንጪ እንተ ኮይኑ ክብርታት ዘመሓላልፍ ኣገባብ ጽንብል ከካትት ይግባእ። መለክዒ ጽቡቕ በዓል፡ መጠን ሸሻይን ጽባቐ ኣልባሳትን ኣይኮነን። ብዙሕ ሸሻይ ኣፍሲስናን ክዳውንትና ኣጻዕዲናን፡ ፍቕሪ፡ ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ዘይብሉ ወግዒ ምስ እንኽተል፡ ጥዑምን ነባርን ተዘክሮ ኣይነትርፍን ኢና። ስለዚ፡ ካብ ኣብ ደጋዊ መጋየጺ፡ ኣብ ውሽጣዊ ክብርታት ደኣ ነድህብ።

## ቈልዑን በዓልን

በዓል፡ ቈልዑ ንምሕጓስ ዝተማህዘ ወግዒ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓካ። ዝበዝሐ ቈልዑ ዝብህጉዎ ነገራት፡ ኣብ በዓል ንረኽቦ ኢና፣ ጤለ-በጊዕ፡ ህያብ፡ ምቁር ሕብስትን ካራሜላን፡ ኣጋይሽ፡ ቀይዲ ዘይብሉ ናይ ጸወታን ዕላልን ግዜ...። ቈልዓ ካብ ንደጋዊ መግለጽን ፍትወትን በዓል ሓሊፉ፡ ንምንታይ ዕላማ ንጽንብል ክርድኦ ኣይክእልን። እቲ ብመገዲ ጽንብል ኣቢልና ከነሰጋግሮ እንደሊ ክብርታት ደኣ ብኸመይ ከነረድኦ ንኽእል? ኣብ በዓል ቍጠባና ዘፍቅዶ ህያብ ንደቅና ክንገዝእ ጸገም የብሉን። እንተ'ኾነ፡ እዚ ኣገባብ፡ ቈልዑ ንበዓል ምስ ነገራዊ ህያብ ብምትሕሓዝ፡ ሓሻሽነት ንኸዕብዩ ክጸሉ ይኽእል እዩ። ኣብ በዓል ክዳንን ሳእንን ምግዛእ ኣካል በዓል እምበር፡ ካብኡ ዝዓቢ መኽሰብ ከም ዘሎዎ ብኸመይ ንምህሮም?

1- ኣብ ቅነ ኣውደኣመት ከምቲ ህያብ ክቕበሉ ዝጽበዩ፡ ንሳቶም'ውን ካብቲ ዘሎዎም ንኻልእ ከካፍሉ ምምካር፣

እዚ ኣገባብ፡ ብዓቢኡ ኣብ ህያብ ምሃብ መንፈሳዊ ዕጋበት ከም ዝርከብ ክምህር ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ህያብ ምሃብ፡ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ንኽርድኡን ንወለዶም ንኽሰምዑን ይሕግዝ።

2- ህያብ ኣብ ክንዲ ምግዛእ፡ ባዕሎም ክሰርሑ ምትብባዕ፣

ወለዲ ዓቕሚ ስለ ዘይብሎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ዓቕሚ ሃልዩዎም'ውን ህያብ ክገዝኡ ክግደዱ ኣይግባእን። ሓደ ቈልዓ እኹል ኣልባሳት እንተ'ለዎ፡ ብምኽንያት በዓል ካልእ ክዳን ክሸመተሉ ኣገዳስነቱ ኣይረኣየካን እዩ። ነቲ ዘሎዎ ኣልባሳት ብተበላሕነቱ ንኽጸባብቖ ምትብባዕ ግን እወታዊ ውጽኢት ይህሉዎ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኩሉ ዘድልየና ካብ ዕዳጋ ዝግዛእን ሓድሽን ጥራይ ከም ዘይኮነ ክምህር ይኽእል።

3- ካብ ህያብ ወጻኢ ወግዒ በዓል ምህላው፣

ገረብ ምትካል፡ ብሽኮቲ ምስራሕ፡ ሓገዝ ዘድልዮም ኣካላት ሕብረተሰብ ምብጻሕን ምሕግጋዝን፡ ወዘተ ኣብ በዓል ምክያድ ክልተ ጥቕሚ ኣሎዎ። ሓደ፡ ንበዓል ዘሎዎም ክብሪ ኪንዮ ህያብ ክርእዩዎ የኽእል። ካልኣይ ከኣ ገንዘብ ክዕድጎ ዘይክል ክብርታት ክምህሮም ይኽእል። ኣብ መጻኢ፡ ዘድልዮም ኣልባሳትን ካልእ ጥረ ነገራትን ከም ህያብ ዘይኮነ፡ ከም ኣገዳሲ ነገር ክርእዩዎን ካብ ሓሻሽነት ክድሕኖምን ይኽእል።

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቻይና፡ ብትራምፕ ንዝወሰድ ዘሎ ስጉምትታት ኣቓልቦ ከም ዘይትህቦ ኣፍሊጣ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና፡ ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታት ኣመሪካ ዝኣቱ ፍርያት ቻይና ክሳብ 245% ዝበጽሕ ቀረጽ ክወሰን ከም ዝኽእል ድሕሪ ምግላጹ፡ ኑቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ "ጸወታ ናይ ቁጽሪ" ክብል ምላሽ ሂቡሉ።



ወሲኹ ድማ፡ ቻይና ኑቲ ዶናልድ ትራምፕ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምትታት ዝኾነ ኣቓልቦ ከም ዘይትህቦ ገሊጹ።

ቻይና ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣመሪካ ዝወሰኑቶ ቀረጽ 125 ሚእታዊት ኮይኑ፡ ፈልምታት ሆሊውድ ኣብ ዕዳጋታታ ከይዘርጋሕ ብምድራት'ውን፡ ካብ ቀረጽ ወጻኢ ዝኾኑ ናይ መቕጻዕቲ ስጉምትታት ወሲዳ እያ። ትራምፕ ወሲኑዎ ዘሎ መጠን ቀረጽ እንተ ዘይጎዲሉ፡ ንግዳዊ ንጥፈታት ኣመሪካን ቻይናን ደው ክብል ከም ዝኽእል ክኢላታት ስዑቁጠብ የጠንቅቑ ኣለው።

ውድብ ንግዲ ዓለም ብረቡዕ ኣብ ዘዉጸ መግለጺ ድማ፡ መጠን ዕብየት ዓለማዊ ንግዲ ኣብ 2025 ብኣሉታ ከም ዝጽሎ ኣሚቱ።

ኣብ መጠን ዓለማዊ ንግዲ ፍርያት ናይ 1.5 ሚእታዊት ምንቁልቋል ከስዕብ፡ ኣብ ሰደድ ምርኩስ ዝገበረ ቁጠባ ዝለወን ሃገራት ድማ ክጎድእ ከም ዝኽእል ድማ፡ እቲ ዓለማዊ ውድብ ይገልጽ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ንግድን ልምዓትን ሕቡራት ሃገራት'ውን፡ ትራምፕ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምትታት፡ ኣብ 2025 ኣብ ዕብየት ቁጠባ ዓለም ናይ 2.5 ሚእታዊት ምንቁልቋል ከስዕብ ከም ዝኽእል'ዩ ዘረድአ።

## ፑቲን፡ ምስ'ቶም ሓማስ ዘለቐቖም ሩስያውያን ተራኺቡ

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ምስ ዝጸንሑ ዜግነት እስራኤልን ሩስያን ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ሞስኮ ከም እተራኸበ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኑቶም ናጻ ተለቒቖም ዝመጹኡ ወገናቱ ከም ዘዘራረቦም ድማ፡ እቲ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ይጠቅስ።



ገለ ካብ'ቶም ጅሆታት፡ ኣብ 1990ታት ካብ ሩስያ ናብ እስራኤል ዝተሰደዱ ምዃኖም ድማ ይሕበር።

እቶም ናጻ ዝተለቁ ጅሆታት፡ ሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ደቡባዊ እስራኤል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን እዮም ተጨወዩም።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን እቶም ዝተረፉ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን እውን ናብ ዓዶም ተመሊሶም ክርኢ ዘለዎ ድሌት ገሊጹ ኣሎ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ ሩስያ ምስ ህዝቢ ፍልስጤም፡ ከምኡ'ውን ምስ ወከልቱን ውዳቤታቱን ርጉእን ኣተኣማማኒን ዝምድና ከም ዘለዋ ሓቢሩ።

ገለ ካብ'ቶም ኣብ መንጎ ሓማስን እስራኤልን ብዝተበጽሐ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ መሰረት ናጻ ዝተለቹ - መበቆል ሩስያ ዘለዎም እስራኤላውያን፡ ንኣስታት 500 መዓልታት ጅሆ ተታሒዞም ከምዝጸንሑ ድማ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

## ትራምፕ፡ ንእማመ እስራኤል ኣብ ጉዳይ ኑክሌሳዊ መደበራት ኢራን ነጺጉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኑቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኑክሌሳዊ መደብራት ኢራን ደብዳብ ንምፍጻም ዘቕረበቶ እማመ ከም ዘጸጎ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ዝ ኒውዮርክ ታይምስ' ኣፍሊጡ።



ትራምፕ፡ ኑቲ እማመ ዝጸገሉ ምኽንያት፡ ጉዳይ መደብት ኑክሌር ኢራን ብዘተ ንምፍታሕ ምስ ጣህራን ሓድሽ ስምምዕ ክኽትም ስለ ዝመረጸ ምዃኑ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ብመሰረት እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ እስራኤል፡ ኣብ ፈለማ መዓልታት ናይ ዝመጽእ ወርሒ ግንቦት፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ይፈርየሉ ኣሎ ንዝበሎቶ መደብራት ኑክሌር ኢራን ክትድብደቦ መዲባ ከም ዝበረት'ዩ እቲ መርበብ ሓበሬታ ዘመልከቶ።

እቲ ልዕሊ ሓደ ሰሙን ዝወሰደ መጥቃዕቲ፡ ብምውህሃድ ሓይሊ-ኣየርን ኮማንዶን እታ ሃገር ክፍጸም ተመዲቡ ምንባሩ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ሰበስልጣን እስራኤል፡ ኣመሪካ ኑቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ቀጠልያ መብራህቲ ክትውልዓሉ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንኽዕወት'ውን ሓገዝ ከተበርክት ተስፋ ኣሕዲሮም ምንባሮም ይሕበር።

ትራምፕ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዋይት ሃውስ ምስ ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራቱ ዘካየዶ ምምኽኻር'ዩ ኑቲ ብእስራኤል ዝቐረበ እማመ ክነጽጎ ዝኸኣለ።

ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ጄዲ ቫንስ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ፒት ሄግሰትን ዳይረክተር ሃገራዊ ስለያ ቱልሲ ጋባርድን፡ እቲ ብእስራኤል ዝተታሕዘ መደብ ምስ ኢራን ዝሰፍሐ ግጭት ከለዓዕል ከም ዝኽእል ስክፍታኦም ገሊጾም።

ኢራንን እስራኤልን ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሓት ሚያዝያን ጥቅምትን ንሓድሕደን ብሚሳይላት ተጠቓቒዐን ምንባረን ይፍለጥ።

## ኮንጎ - ብሓደጋ ጃልባ 50 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ዲ.ሪ.ኮንጎ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ዝርከብዎም ኣስታት 400 ተሳፈርቲ ሒዛ ትጎዓዝ ዝነበረት ጃልባ፡ ኣብ ጥቓ ከተማ ምባንዳካ ምስ በጽሐት ብዘጋጠማ ባርዕ ድሕሪ ምግምጣላ፡ ብውሑዱ 50 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት ኣማኢት ሰባት ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሰበ-መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ድሕሪ'ቲ ሓደጋ፡ ናብቲ ቦታ ዝተላእኩ ኣባላት ቀይሕ መስቀልን ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕንን እታ ከተማ፡ ግዳያት ንምድሓን ጻዕርታት የካይዱ ኣለዉ።



ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ፡ ኣብታ ጃልባ ሓደ ሰብ መግቢ ዘብስለሉ ዝነበረ ሓዊ ከም ዝኾነ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ባርዕ ምስ ተኸስተ፡ እቶም ሓምቢሶም ዘይክእሉ ተሳፈርቲ ናብቲ ፈለግ ዘለሉም ድሕሪ ምእታዎም ብኡ ኣቢሎም ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ካብቲ ሓደጋ ዝደሓኑ ኣስታት 100 ሰባት ንሕክምና ናብ ከተማ ምባንዳካ ከም ዝተወሰዱ ድማ፡ እቲ ሓበሬታ ይጠቅስ።

ብዙሓት ካብኣቶም ከቢድ ቃጸሎ ኣጋጢምዎም ብምህላዉ፡ ኩነታት ኣብ ኣሰጋኢ ደረጃ ከምዝርከብ'ውን ወሲኹ ይሕበር።

ኣብታ ሃገር፡ ሓደጋታት ምጥሓል ጃላቡ ብተደጋጋሚ ከም ዘጋጥም፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ይገልጽ።

ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ፡ በዓል ልደት ንምብዓል ዝጎዓዙ ዝነበሩ ልዕሊ 400 ሰባት ዝጸዓነት ጃልባ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ'ታ ሃገር ድሕሪ ምግልባጣ፡ ብውሑዱ 38 ሰባት ከም ዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ብመጥቃዕቲ እስራኤል 35 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም

እስራኤል፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣጋ ምሸት ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ብዞየደቶ ደብዳብ፡ ብውሑዱ 35 ሰባት ከም እተቐትሉ ተሓቢሩ።

ብቲ መጥቃዕቲ፡ ቁጽሩ ብንጹር ዘይተፈልጠ ብዙሕ ህዝቢ ከም እተመዛበለ'ውን ተገሊጹ።

እስራኤል፡ ብ18 መጋቢት ምስ ሓማስ ንዝገበረቶ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ድሕሪ ምጥሓሳ፡ ፍልስጤማውያን እንደገና ግዱድ ሞትን መቑሰልትን ምምዝባልን ይኾኑ ከም ዘለዉ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ዛጊት ድማ፡ ኣብቲ ወሸመጥ ኣስታት 500 ሽሕ ዝግመት ህዝቢ ብሰንኪ እቲ መጥቃዕቲ ተመዛቢሉ ምህላዉ ይግለጽ።

ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል - ኢዝራኤል ካትዝ፡ ፖሊሲ ሃገሩ ኣብ ጉዳይ ወሸመጥ ቓዛ ንጹር ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ዝኾነ ሰብኣዊ ሓገዝ ናብቲ ወሸመጥ ከይኣቱ ምኽልካል፡ ኣብ ልዕሊ ሓማስ ጸቕጢ ኣብ ምፍጣር ከም ቀንዲ መሳርሒ ኮይኑ የገልግል ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ሰበ-መዚ ጥዕና ቓዛ፡ ብቲ ዛጊት 18 ኣዋርሕ ኣቕጺሩ ዘሎ ደማዊ ኩናት፡ ብውሑዱ ኣስታት 51,025 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 116,432 ድማ ቆሲሎም ምህላዎም ኣፍሊጦም።



መንግስታዊ ማዕከን ዜና ቓዛ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ህንጻታት ዝተደበዩ ኣሽሓት ሰባት ከም ዘለዉ ድሕሪ ምምልካት፡ በዚ ምኽንያት ቁጽሪ ግዳያት ልዕሊ 61,700 ከይበጽሕ ስግኣቱ ገሊጹ።

ሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ደቡባዊ እስራኤል ብዝፈጸሞ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 1,139 እስራኤላውያን ከም እተቐትሉን ካልኦት ልዕሊ 200 ድማ ጅሆ ከም ዝተታሕዙን፡ ጸብጻባት እስራኤል ይሕብሩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኣኽርያ | 18/04/2025 | ጎደና ሽርኢት - 135፡ ከባቢ ኣኽርያ | 08370238 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | | ጊደና ኣፍዓበት ቁ፡ 105 ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሼሊ) | 123105 |
| ቤት መሸታ መድሃኒት ብርሃን | | ጎደና ሓርነት ቁ.121 ከባቢ ሲነማ ኣኢምፐሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565